
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.86 ሰሉስ 10 ታሕሳስ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ረኽሲ ፍገ እንታይ እዩ?



ገጽ 3



ዝወግእ እንተ ረሰዐ፡ ዝተወግአ ኣይርስዕ

ገጽ 4
ኣበርክቶ መንእሰያት. . .

ገጽ 5
"ምሉእ ምሕረት ብምግባር. . .



ገጽ 7
ሃገራዊ ቅድድም መኪናን ሞተርን ብሽክለታን ተኻዪዱ




# ብጹእ ኣቡነ ባሲሎስ፡ 6ይ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ኰይኖም ተመሪጾም




ስእሊ- ኣቤል በረኸት

ዋና ኣመሓዳሪ መንበረ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ኰይኖም ከገልግሉ ዝጸንሑ ሊቀ ጳጳስ ብጹእ ኣቡነ ባሲሉስ፡ ትማሊ 9 ታሕሳስ ኣብ ኣዳራሽ መንበረ ፓትርያርክ ኣብ ዝተኻየደ ጉባኤ፡ 6ይ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ኰይኖም ተመሪጾም።

እቲ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ፡ ወከልቲ ጉዳማት ኤርትራ፡ ጉባኤ ሊቃውንቲ፡ ሃገረ ስብከታት ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ከምኡ'ውን ወከልቲ መንፈሳዊ ኮሌጅ ዝተሳተፍዎ ምርጫ፡ ብመሰረት ውሳኔ ቅዱስ ሲኖዶስን ወግዓዊ ሕገ-ምርጫ ቅድስቲ ቤተ-ክርስትያንን'ዩ ተኻዪዱ።

ኣብ ዝሰዓበ ስነ-ስርዓት፡ ወኪል ቅዱስ ሲኖዶስ - ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ዮውሃንስ ድሕሪ ዘስምዕዎ ወግዓዊ መኽፈቲ ቃል፡ ብመሰረት ኣብ መንጎ ኣሓት ኣብያተ-ክርስትያን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኤርትራን ግብጽን ብዘሎ ፕሮቶኮላዊ ስምምዕ ከም ተዓዘብቲ ንዝተሳተፉ ልኡኽ ቅዱስ ሲኖዶስ ግብጺ ዝመርሐ ሊቀ ጳጳስ ዳንኤል፡ ከምኡ'ውን ወኪል ቤት-ጽሕፈት ሃይማኖታዊ ጉዳያት ኣቶ ኣማኑኤል ተስፋሁኳይ መደረ ኣስሚዖም።

ቅዱስ ሲኖዶስ ነቲ ውጽኢት ምርጫ ድሕሪ ምጽዳቑ፡ ብጹእ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ሳዊሮስ ኣብ ዘሰምዕዎ መዛዘሚ ቃል፡ መሰርሕ ምርጫ ብጽፉፍ ከምእተሳለጠ ብምሕባር፡ ንሬይ ፓትርያርክ - ሊቀ ጳጳስ ብጹእ ኣቡነ ባሲሉስ ሰናይ ምጽኣተም ገሊጾም።

በዓለ ሲመትን ስርዓት ተቀብኣን 6ይ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ - ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ባሲሉስ፡ 26 ጥሪ 2025 ንኽካየድ መደብ ተታሒዙ ኣሎ።

ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ቄርሎስ ቀዳማይ፡ 5ይ ፓትርያርክ ወርኣሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ብ12 ታሕሳስ 2022 ኣብ መበል 96 ዓመት ዕድመኦም ብሕማም ከምዝዐረፉ ዝዝከር እዩ።

# ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ቻይና ኣብ ዝተቓንዐ ዓውደ-ዘተ ተሳቲፉ

ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብ 2 ክሳብ 9 ታሕሳስ ኣብ ሃንግዡ - ቻይና ኣብ ዝተቓንዐ ዓውደ-ዘተ "ቁጠባዊ ማሕበራውን ባህላውን ማሰላት" ተሳቲፉ።

ኣብቲ ዓውደዘተ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ቀዋሚ ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጀኔቫ - ኣቶ ሃብተም ዘርኣይ፡ "ብደሆታትን ፍታሓትን ቁጠባዊ ማሕበራውን ባህላውን ማሰላት"፣ ኣባል ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ናትናኤል የዕበዮ ድማ "ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ሰብኣዊ ማሰላት" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ንመርጽን ርእይቶን ኤርትራ ዘጽር መደረታት ኣስሚዖም።

ንሳቶም ኣብ መደረኦም፡ ኣብ ኤርትራ - ቁጠባዊ ማሕበራውን ባህላውን ማሰላት ሓሳባውያን ኣምሪት ዘይኩኑ፣ ህልዋት መብጽዓታትን ኣካል ሃገራዊ ፍልስፍና ልምዓትና ንምርግጋጽ ማሕበራዊ ፍትሒ ከምዝሰሩ ብምጥቃስ፡ ኣብ ሃገራዊ ቻርተር፡ ፖሊሲታት፡ ሕግታትን ኣዋጃትን ዝሰፈሩ ምዃኖም ገሊጾም።



# ዓዲቐይሕ - እቶት መዓር ብዕጽፊ ከምዝዓበየ ተሓቢሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ሎሚ ዓመት ብዝበረ ኣዝመራን ህጡር ክራማትን፡ ምህርቲ መዓር ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብዕጽፊ ከምዝዓበየ፡ ክኢላ ምርባሕ ንህቢ ኣቶ ተስፋይ ገብረኪዳን ገሊጹ።

እቲ ንኡስ ዞባ ብሓፈሻ፡ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ድማ ብፍላይ ንምርባሕ ንህቢ ኣዝዩ ምቹእ ስለዝኾነ፡ 244 ኩንታል ካብ ዘመናዊ ቆፎታት፡ 196 ኩንታል ካብ ባህላዊ ቆፎታት፡ 13 ኩንታል ድማ ካብ ጋብላዊ ቆፎታት - ብድምር 453 ኩንታል መዓር ከምእተረኽበ'ዩ ኣብሪሁ።

ልዕሊ 100 ዕስለ ኣናህብ ዘውንኑ ኣብቲታውያን ሓረስቶት ከምዝለዉ፣ ናብ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ከበሳን እናተመላለሱ ድማ ጽቡቕ ምህርቲ ከምዝሓፍሱ ብምጥቃስ፡ ዝያዳ ኣብ ጋብላዊ ቆፎታት ከተኩሩ ኣተሓሳሰበ።

ነሪ ሳፈራ - ኣብቲታዊ ሓረስታይ መሓመድ-ሳልሕ ኣሕመድ ብወገኑ፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ብዝጀመሮ ስራሕ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ 50 ዕስለታት ንህቢ ብምውናን፡ ኣብ ዓመት 4 ግዜ እቶት ይሓፍስ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ዘመናዊ ባህላውን ጋብላውን ቆፎታት ዘውንኑ 536 ሓረስቶት'ኳ እንተለው፡ ብማሕበር ዝተጠርነፉ ግን 35 ጥራይ'ዮም።

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ውዳበ ማሕበር ስንኩላን ኲናት ንምሕያል ይሰራሕ

ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ፡ ስንኩላን ብዘለዎ ድሌታቶምን ባህግታቶምን ዝዘተዩሉ መድረኻት እናፈጠረ ዓቕሚታቶም ንምሕያል ጻዕርታት የካይድ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ክፍሊ ውዳቤን ሓበሬታን ኣቶ መሓመድ-ኑር እድሪስ ገሊጹ።

ኣብ ዓሰብ ምስ ኣባላት ማሕበር ኣብ ዝበሮ ርክብ፡ ኣቶ መሓመድኑር፡ ውዳቤ ናብ ዝተለምዓየ ዕላማ ዘብጽሕ ሓይሊ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ስንኩላን ኣብ ማሕበር ተጠርኒፎም ተጠቀምቲ ዝፍጠሩ ዕድላት ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

ሳዕቤናት ስንክልና ንምቅላል፡ ማዕበር ንኣባላቱ ዓቕሙ ዝፈቕዶ ኣገልግሎታት ክህብን ደገፍ ክኹርን ምጽንሑ ብምሕባር፡ ድማ፡ ንኣድማዕነት ናይ'ዚ - ዝርግሐኡ ብምስፋሕን ቁጠባዊ ዓቕሚ ማሕበር ክብ ዘብል መዲያት ብምልላይን ይተግፍ ከምዝሎ ኣብሪሁ።

ኣቶ መሓመድኑር ኣብ መወዳእታ፡ ኩነታት መነባብሮ ስንኩላን ንምምሕያሽ ዝተጻንዐ ፕሮጀክታት ምትግባርን መጠነ ንኡስ ልቓሕን ወሃልላን ምስፋሕን ካብ ቀንዲ መደባት ማሕበር ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ስንኩላን ብጉጅለ ተወዲቦም ኣብ ከበቦም ዘርብሖም ዓይነት ስራሕ ኣለልዮም ተጠቀምቲ ክኾኑ ተላቢዩ።


ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብቲ ዞባ ዝበረት ትካል ሰብዘርሓ መሓውር ስርሓ እተቐጽለሉ ኩነታት ክፍጠር፡ ቁጠባዊ ምንጪ ከውሕሱሉ ዝኽእሉ ሞያዊ ስልጠናታት ክወሃቡ፡ ከምኡ'ውን ዳግመ ምውዳብ ጨንፈር ክካየድ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ረኽሲ ፍገ እንታይ እዩ?




**ፍገ** 'ኢንተርቢየስ ቨርሚኩላሪስ' ብዝተባህለ ሓሰኻ ዝመጽእ ረኽሲ'ዩ። ኣገዳሲ ቀጢን ብምዃኑ'ውን 'ፒን ዎርም' (pinworm) ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ። ሕብሩ ጻዕዳ እዩ። ኣብ መዓንጣ ድማ ይነብር።

ብዝምጋም ቁመት ናይ ኣንስተይቲ ፍገ 10 ሚሊ. ሜትር ክኸውን እንከሎ፡ ናይ ተባዕታይ ፍገ ድማ 3 ሚሊ. ሜትር

ኣቢሉ ይበጽሕ። ኣብ ማእከላይ መቐት ክፍሊ-ዓለም ንዝርከቡ ህጻናት ብዐቢኡ ዝርአ ረኽሲ ፍገ ንልዕሊ 20 ሚእታዊት ህጻናት የጥቅዕ።

ምልክታት ረኽሲ ፍገ

መብዛሕትኦም ረኽሲ ፍገ ዘለዎም ሰባት ዝኾነ ዝርአ ምልክታት ኣየርእዩን እዮም። ገለ ገለ ሰባት ግን ሱሓ ኣብ

ከባቢ መቐመጫኦም ይጉብረሎም'ሞ፡ ካብ ተደጋጋሚ ምሕካኽ ዝተላዕለ ከባቢ መቐመጫኦም ክቀራረፍን ክቖስልን ይርአ እዩ። ኣብ ህጻናት ደቂ-ኣንስትዮ ነድሪ ከባቢ ብልዕቲ ከስዕበሉ'ውን ይኽእል'ዩ። ሳሕቲ፡ ቅርጸት፡ ድቃስ ምእባይ፡ ምንፍርፋርን ካልኦት ምልክታትን ክርአ ከምዝኽእል'ውን መጽናዕቲታት ይሕብሩ።

**ረኽሲ ፍገ ብኸመይ ይላባዕ?**

ፍገ ኣዝዩ ተላባዒ እዩ። ናብ ውሽጢ ሰብነትና ብዝተፈላለዩ መንገድታት ክኣቱ ይኽእል። ፍገ ዘለዎ ሰብ ብሰንኪ ሱሓ መቐመጫኡ ምስ ዝሓክኽ ኣብ እንቋቑሓ ናይቲ ሓሰኻ ተሰኪሙ ናብ ካልእ ዝተንከፎ ንብረት (ኣንሶላ፡ ደስቲ ወዘተ) ብቐሊሉ ክሰግሮ ይኽእል። ኣብዚ ኣእዳው ብግቡእ ምስ ዘይሕጸብ ማለት እዩ።

ሓደ ሓደ ግዜ እንቋቑሓ ፍገ ኣብ ኣየር ጸኒሖም ብእስትንፋስ ንውሽጢ ኣካላትና ክኣትዉ ይኽእሉ እዮም።

እንቋቑሓ ፍገ ሓንሳብ ናብ ውሽጢ ኣካላትና ምስ ኣተወ ክሳብ ዝጭጭሑን ዝዓብዩን ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ ማለት ኣብ መዓንጣ እዩ ዝጸንሑ። ኣብኡ ካብ 2 ክሳብ 6 ሰሙናት ግዜ ምስ ወሰዱ ብዝዓበዩ ዓኹኹም መጥቃዕቲ ክገብሩ ይጅምሩ።

ኣንስተይቲ ፍገ ኣብ ከባቢ መቐመጫ ኣብ ዘሎ ዕጽፍጻፍ ቈርበት ኣቲ እንቋቑሓ ትጸፍፍ። በዚ ምኽንያት ድማ

እቲ ጉዳያ ኣብ ከባቢ መቐመጫኡ ሱሓን ዘቓጽል ስምዒታትን ክገብረሉ ይጅምር። እቲ ጉዳይ ኣሳሕይዎ ነቲ መቐመጫኡ ምስ ዝሓኮ እቲ እንቋቑሓ ብቐሊሉ ናብ ኣጻፍሩ፡ ካብኡ ናብ ካልእ ኣቕሓ፡ ብኡ በሊ ድማ ናብ ካልእ ሰብ ክላባዕ ይኽእል።

እንቋቑሓ ፍገ ኣብ ኣእዳውና ንሓያሎ ሰዓታት ብህይወት ክጸንሕ ይኽእል። ኣብ ንብረት መጠን መቐት፡ እንቋቑሓ ፍገ ን3 ሰሙናት ዝኣክል ካብ ሰብነት ወጻኢ ብህይወት ክጸንሕ ከም ዝኽእል መጽናዕቲታት የረጋግጹ።

ገለ ገለ እዋን እቶም እንቋቑሓ ኣብ ከባቢ መቐመጫ እንከለዉ ቀልጢፎም ይጭቀሑ'ሞ፡ ንውሽጢ ናብ ባጤቕን ታሕተዋይ ክፋል መዓንጣን ተመሊሶም ብምእታው ዳግመ ረኽሲ ይገብሩ እዮም።

**ንፍገ ተኣፈፍቲ መን እዮም?**

ረኽሲ ፍገ ኣብ ኩሉ ዕድመ ንዝርከብ ሰብ እዩ ዘጥቅዕ። እንቋቑሓ ፍገ ብዓይንኻ ክርአ ዝኽእል ስለ ዘይኮነ በቲ ሕማም ዝተለኽፈ ሰብ ወይ ንብረት ኣለሊኻ ክትፈልዮ ኣጸጋሚ እዩ። ካብን ናብን ብቐሊሉ ዝላባዕ ብምዃኑ ድማ ብዐቢኡ ህዝቢ ተኣኪቡ ኣብ ዝነብረሉ ከባቢታት ብዐቢኡ ክላባዕ ይኽእል።

ግቡእ ክትትል ጽሬትን ምሕጻብ ኣእዳውን ዘይምዝውታር ነቲ ረኽሲ ብቐሊሉ ተላባዒ ይገብሮ።

ህጻናት ብባህሪኦም ዝኾነ ንብረት ኣብ ኣፎም ናይ ምእታው ልምዲ ስለ ዘለዎም በዚ ረኽሲ'ሲ ዝያዳ ከም ዝጥቅዑ'ውን መጽናዕቲታት የመልክቱ።

**ፍገ ኣብ ልሙዳት ናይ ገዛ እንስሳታት ይርኣ ድዩ?**

ፍገ ክዕቀበሉ ካብ ዝኽእል እቲ እንኮ ፍጡር ወዲ ሰብ ጥራይ እዩ። ድሙ ይኹን ከልቢ ብፍገ ክጥቃዑ ስለ ዘይክእሉ ኣብ ምልባዑ ዝህልዎም ተራ ትሑት እዩ።

**ፍወሳን ምክልኻልን ረኽሲ ፍገ**

ረኽሲ ፍገ ሓንሳብ ዋላ ይጥፋእ ደጊሙ ክምለስ ወይ ክኽሰት ዝኽእል እዩ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ኣተኩሮን ክንክንን ናይቲ ሰድራ ኣብቲ ጉዳይ ጥራሕ ስለ ዝኸውን እዩ። ስለዚ እቲ ዝግበር ፍወሳን ክንክንን ብደረጃ መላእ ስድራ-ቤት ክኸውን እዩም ሓኪይም ዝመርጹ።

ግቡእ ጽርየት ኣእዳው፡ ሓለዋ ንጽህና ኣጻፍር ገዛ፡ ኣንሶላ፡ ቀሚሽ ውሽጢ ወዘተ ምክትታል ምልባዕ ፍገ ንምክልኻል ካብ ዝኽእሉ ሜላታት ሓደ እዩ።

ኣጻፍር ኣጺብዕትና ቀንዲ ማሰጋገሪ እንቋቑሓ ፍገ ክኾኑ ስለ ዝኽእሉ ሓጺርትን ጽሩያትን ክኾኑ ይግባእ።

ኣንስተይቲ ፍገ ነቲ እንቋቑሓ ኣብ እዋን ለይቲ ኣብ መቐመጫ ስለ እትጸፍፎ፡ ካብ ድቃስ ምስ ኢተበራበርና ብግቡእ ሰብነትናን ከባቢ መቐመጫናን ክንሕጸብ ይግባእ።

ክዳን ለይትናን ኣንሶላናን መዓልታዊ ክንቅይር ተመራጺ እዩ።

እንደቅሰሉ ፍርናሽ ይኹን ዓራት ኣብ እዋን ቀትሪ ግቡእ ንፋስን ጸሓይን ክረኽብ ይግባእ። እንቋቑሓ ፍገ ንጸሓይ ብርሃን ተኣፈፍቲ እዮም።

ፍገ ንምጥፋእ ዝሕግዙ መግብታት

**ጽሕጊ፦** ብፍገ ዝተጠቕዐ ሰብ ብጽሕጊ ዝሃብተሙ መግብታት ብዐቢኡ ክወስድ ይምከር። ኣእካል፡ ጥረታትን ቀጻላት ኣሕምልትን ልዑል ትሕዝቶ ጽሕጊ እዩ ዘለዎም።

**ጻዕዳ ሽጉርቲ፦** ጻዕዳ ሽጉርቲ ብጥረኡ ምውሳድ ኣንስተይቲ ፍገ እንቋቑሓ ከይትወልድን ከይትጸፍፍን ይከላኸል። ኣቐዲሞም ዝተጸፍፉ እንቋቑሓታት ከይጭጭሑ'ውን ይገብር።

**ዘይቲ ኮኮናት፦** ኮኮናት ጸረ-ባክተርያን ጸረ-ቫይረስን ጠባዩ እዩ ዘለዎ። ናብ መደቀሲኻ ቅድሚ ምኻድካ ብዘይቲ ኮኮናት ነቲ ዝተጠቕዐ ከባቢ ቆርበት ማለት መቐመጫ ምልካይ።

ካሮት፦ ዘይበሰለ ካሮት ብተደጋጋሚ መዓልታዊ ምምጋብ ሓሰኻ ፍገ ኣብ መናድቕ መዓንጣ ተላሒጎም ንኸይተርፉ ብምግባር ምስ ቀልቀል ንደገ ክወጹ ይሕግዝ።

ክንወስዶም ዘይግባኣና መግብታት

ሓሰኻ ፍገ ኣብ ሽኮራዊ ነገራትን ዝተጻረዩ ካርቦ ሃይድሬት ኣብ ዘለዎም መግብታትን ብዐቢኡ ይሰስኑ። ስለዚ ሽኮራዊ መግብታትን ፊኖን ብዐቢኡ ካብ ምምጋብ ምቑጣብ።

## ዜና

## ሰ/ቀ/ባሕሪ - ደቂኣንስትዮ ንምሕያል ዝሰላሰል መደባት ውጽኢት ይርከቦ

ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ዓቕሚታት ደቂኣንስትዮ ንምሕያል ዝሰላሰል መደባት ዝምስገን ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ፡ ጨንፈር ሃማደኤ ብ29 ሕዳር ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ሓቢሩ።

ሓላፊት ናይ'ቲ ጨንፈር ወ/ሮ ጀምዓ ራኪ ኣብ ዝሃበቶ ቃል፡ ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ዝትግበር ሞያዊ ስልጠናታትን ሕርሻዊ ተራድኦታትን፡ ምስፋሕ ውዳበታትን ንዋታዊ ደገፋትን፡ ከምኡ'ውን ትምህርታዊ፡ ገስጋሳውን ፖለቲካውን መደባት ንምሕያል፡ ወህደት ናይ ኩሎም ኣካላት ከምዝደለ ኣስሚራትሉ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ንዝተሰላሰለ ንጥፈታትን ዘበረ ብደሆታትን ዝምልከት ጸብጻብ ብወከልቲ ማሕበር ኣብ ንኡሳን ዞባታት ቀሪቡን ብዕምቈት ተገምጊሙን።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ሞያዊ ብቕዓት ኣባላት ዘበርኽ ስልጠናታት ክውሃብ፡ ዝግበር ዓይነታዊ ደገፍ ብሓፈሻ ናይ ጨቓዊትን ቁፎታት ንህብን ከኣ ብፍላይ ብግቡእ ክየማግም፡ ናይ ልቓሕ መደባት ክተኣታቶ፡ ስልጠናታት ሱሩ መግቢ ወጽኢታዊ ስለዝኾነ ብስፋሑ ክቕጽል፡ ከምኡ'ውን መደብ ትምህርቲ ንጋብይቲ ብዝለዓለ ክሰራሓሉ ዝብል ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል ኣብ ዝሃበቶ መዛዘሚ ቃል፡ ምብራኽ ፖለቲካዊ ንቕሓት ደቂኣንስትዮ ቀንዲ ዕማም ማሕበር ስለዝኾነ፡ ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ይሰራሓሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ምቛም ኣባላት ቦርድ ኣብ ምውዳብ ኮሉ-መዳያዊ ስራሓት ኣበርክቶ ስለዘለዎ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ፡ ዓቕሚ ኣባላት ንምዕባይ ዝውደብ ስልጠናታት ድማ ልዑል ኣድህቦ ክወሃቦ ተላብያ።

## ፎርቶ ሳዋ - ዝጸንሐ ሽግር ዝስተ ማይ ተፈቲሑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ ሳዋ - ምምሕዳር ከባቢ ተልኣይ ዝጸንሐ ሽግር ዝስተ ማይ፡ ህዝብን ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይክኣሎን ብዝተሳተፍዎ ወፈራ ተፈቲሑ።

ኣካይዲ ስራሕ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ በረኸት ጉብረስላሴ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ'ቲ ብውሕጅ ዝተበላሸወ መስመራት ማይ ናይ ምጽጋንን ገረብ ተምሪ መሳ ናይ ምውጋድን ዕማም፡ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል - ሳዋ ዓቢ ኣበርክቶ ከምዝገበረ ኣረዲኡ።

በቲ ዝተወስደ ተበግሶ፡ ዝተበላሸወ ሻምብቆታት ማይ ከምእተተከኣ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ብውሕልነት ክጥቀመሉን ክከናኸኖን ኣተሓሳሰበ።

## ገለብ - ዲጋታት ኣብ ልምዓት ጀራዲን ዓቢ ኣበርክቶ ይገብራ

ኣብ ንኡስ ዞባ ገሉብ ዝርከባ ዲጋታት፡ ሎሚ ዓመት ብዘዘበረ ህጡር ክረምት እኹል ማይ ብምውህላለን፡ ኣብ ልምዓት ጀራዲን ልዑል ኣበርክቶ ይገብራ ከምዘለዋ ተገሊጹ።

ክኢላ ልምዓት ዘራእቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ በረኸት መብራህቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዘለዋ ልዕሊ 10 ዲጋታት መሊአን ይፈሳ፡ ትሕተ-ባይታዊ ማይ'ውን ሃብቲሙ ሩባታት ይዛርዩ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ሓረስቶት በቲ ኩነታት ተተባቢዖም ብዘካይድዎ ዘለዉ ሓያል ጻዕሪ ርቡሕ ምህርቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ንምርካብ ትሰፋዋት ምኳኖም ኣብሪሁ።

ዝፈሪ ኣሕምልትን ፍረታትን ጠለብ'ቲ ንኡስ ዞባ ብምምላእ ክሳብ ናብ ዕዳጋታት ከረንን ካልእ ከባቢታትን ከምዝሽየድ ዝጠቐሰ ኣቶ በረኸት፡ ሓረስቶት ንዘካይድዎ ዘለዉ ጻዕሪ ሞጒሱ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ዲጋታት ብደባት ከይመልኣ፡ ዓመት መጸ ማይ-ክዕቃታተን ከምዝፍወሳን ሃብቲ ገረብ ግቡእ ምክትታል ክምዝግበረለን ኣቶ በረኸት ወሲኹ ኣጺሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ገሉብ ኣስታት 250 ሄክታር ዝልምዑ ልዕሊ 400 ሓረስቶት ኣለዉ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ


ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## እንተ ረሰዐ ዝወግኣ፡ ነይርሰዕ ዝተወግአ

*ዝሓለፈ ቀዳም 30 ሕዳር 2024፡ ከተማ ከረን “ዖናን በስክዴራን - ህልቂት ዓድታት ሰንሒት 1970-1971” ዘርእስታ ክታም ወጹዓት እተዘንቱ መጽሓፍ ምስ ኣንበበቲ ኣላልያ። እዛ ብመምህር ነጸረኣብ ኣዛዚ ንኣስታት 10 ዓመት መጸናዕቲ ዝተኻየደላን ብኣሕተምቲ ሕድሪ ዝተሓትመትን መጽሓፍ'ዚኣ፡ ንግንታ ኣሰቃቒ ግፍዒ ወተሃደራት ስርዓት ሃይለስላሰ ኣብ ዓዲታት ዖናን በስክዴራን እትቕልዕ ታሪኻዊት መጽሓፍ ምኳና ኣብቲ ናይ ምልላይ መደብ ተገሊጹ። ኣብቲ ሓሊፉ ምርምርን ስዕናን ህግደፍ ኣቶ ዘምሃረት የማነ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላሙሳ ላዕለዎት ሓለፍቲ ዞባ ዓንሰባ ውጹዕ መዓትን ቤተሰብ ግዳያት ህልቂት ናይዘን ዓድታትን ኣርቲ ከረንን ከባቢኣን ዝተሳተፉዎ መደብ፡ ነቲ መጽሓፍን ነቲ ዝተፈጸመ ኣሰቃቒ ግፍዕን ዝገልጽ ብርኽት ዝበለ መደባት ተኣንጊዱ። መጽሓፍ “ዖናን በስክዴራን”፡ጸባሕ ሓሙስ 12 ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ፡ ሲነማ ሮማ ኣብ ዝቐርብ መደብ ዝኽሪ ምስ ኣንበበቲ ክትላለ እያ።*


*ንሎሚ ኣብቲ ኣብ ከረን ዝተኻየደ መደብ ብነጃት ዐመር ዝቐረበ ሓበሬታ ንዛብ መጽሓፍ ነቕርበልኩም።*

***

እንቋዕ ኣብዚ ታሪኻዊ መዓልቲ ምምራቕ መጽሓፍ ዖናን በስክዴራን ብሰላም ኣኻኸበና። ዛ ወጽኢት ነዊሕ ዓመታት ዝወሰደ መጽናዕትን ሃልክን ዝኾነት መጽሓፍ፡ ኣብ ዕለተ-ልደታ ክስተፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዙሓ ዝፈጠረትለይ ጦብላሕታ ንእሽተይ መግለጺ ክህብ ብዝተዂበረለይ ዕድመ ምስጋናይ ደረት ኣልቦ'ዩ።

መጽሓፍ “ዖናን በስክዴራን”፡ ብቐጥታ ናብ ፍጻመታት ግፍዒ ናይ'ዘን ዓድታት - ካብ ሰዓት፡ ካብ ቃላት ወጻኢ መዓትን ስድራቤት ግዳያትን - ቅድሚ ምእታው፡ ውሕሉል መእተዊ ድሕሪ ምጥቃም፡ “ሰውራን ግፍዕን” ኣብ ትሕቲ ዝብል ንኡስ ኣርእስቲ፡ ካብ 1950 ክሳዕ 1970 ዝነበረ ሕብእን ግሁድን ኣጀንዳታት መንግስቲ ኢትዮጵያን መዘምርቱን ብዕምቆት ዝተንትን ክፍሊ ኣለዋ።

እዚ ንኡስ ኣርእስቲ'ዚ፡ ንቐስቓሲ ደርኺት ምጅማር ብረታዊ ቃልሰን ዘርግሐ ጭካና መንግስቲ ኢትዮጵያን ብምጽማቕ ሓደ ዓቢ ሰንሰለታዊ ስእሊ ናይ ፍጻመታትን ግዜን ዘጽር ኣርእስቲ'ዩ። ልክዕ ዕጫ ዖናን በስክዴራን ዝወረደን ማእለያ ዘይብለን ዓድታት ሃገርና ኤርትራ ከም ዘለዋን ተመሳሲ ደብሰ'ውን ከም ዘድልየንን ዘርእይን ንኸሉትና ሕድሪ ዘሎምን ዕውት ስራሕ እዩ።





መጽሓፍ “ዖናን በስክዴራን”፡ ሜጀር ጀነራል ተሻመ እርገቱን ዓጀብቱን ብ21 ሕዳር 1970 ካብ ኣስመራ ብመኪና ንከረን ኣብ ዝገዓዝሉ ዝነበሩ እዋን፡ ኣብ ከባቢ ዓልዋ ብተጋደልቲ ኣብ ዝተዳለወ ድብያ ብኸመይ ከም ዝተቐትለ ደቂቕ ዝርዝራት ሓቐፉ ትርከብ። እቲ ኣብ ግዜኡ ዓቢ ብዓል ዝና ስልጣንን ዝነበረ ጀነራል፡ ቡዩም መንግስቲ ኢትዮጵያ “ሽፋቱ” ትብሎም ዝነበረት ተጋደልቲ ምቕታሉ፡ ንንገስ ሃይለስላሰን ዝተረፉ ሰብ-ስልጣን ኢትዮጵያን መዓንጣ ከብዶም ዝቖርጽ ኣጋጣሚ'ዩ ነይሩ። “መጁእስት'ካ ሰዑም ይግበረልካ” ከም ዝበሃል ግን . . . ድሕሪ ቅትለት'ቲ ኣብ ቀብሩ ናይ ሌተናንት ጀነራል መዓርግ ዝተሸየመ ጀነራል ተሻመ እርጉ፡ ሰብ-ስልጣን ኢትዮጵያ (ወይ ደረሲ ከም ዝሰመዮም “ሹማምንቲ ጥፍኣት”) ተረፍ ሕርቃኖም መቀላጠፊ ድጉል ዕላማኦም ብምግባር፡ ዓድታት ምርሳይ፡ ምንዳድን ሰላማውያን ምቕታልን ስርሖም ኢሎም ተተሓሓዙዎ።

ኣብ መጽሓፍ “ዖናን በስክዴራን” ዘርኣየካ ሓይሊ፡ ስፉሓት ዝተኣከበ ሓበሬታን ጭብጦታትን እዩ። ብደረቕ ስእልታት ዝተሰየ ቃለመሕተት ምስ ሰብ ውዕሉ፡ ወጻኢ መዓትን ስድራቤት ግዳያትን ጥራይ ዘይኮነ ካብ ሰዓት ኢትዮጵያን ካልኦት መቐጉቢትን ዝተደርበ ሓቅታት ታሪኽ እያ እትቕርብ።

መጽሓፍ “ዖናን በስክዴራን”፡ መቓጸልታ ናይታ ኣቐዲማ ዝተሓትመት መጽሓፍ “ግፍዒ” ትኹን ደኣ'ምበር፡ ፍልይቲ ዝገብራ ነገር እንተ'ልዩ ኑቲ ናይ ግፍዒ ህሞት፡ ከም ስሌዳታት ተንቀሳቓሲ ስእሊ ንስምዒታት ፍርሒ፡ ሻቕሎትን ዓቕሊ ጸበትን ግዳያት ብንጹር ከተርኢ ትኽእል ምኳና'ዩ። እዚ ኹሉ ካዕቦ ጭካነ ተዓዚቦም ወጻኢ መዓት ዝኾኑ ዜጋታት፡ ብቓላቶም ሓቀኛ ምስክርነት ክህቡ እንከለዉ፡ ዝሰምዖም ዝነበረ ስምዒት ብልክዕ ክትፈልጦ'ኳ እንተ ዘይተኻእለ፡ ከሎምት ዝኽእል ስነጽሓፋዊ መልእኽቲ ዝሓዘት መጽሓፍ እያ።

መጽሓፍ “ዖናን በስክዴራን” ንኽተንብብ ሓይሊ የድልየካ፡ ወኒ ወይ ድሌት ምፍላጥ ታሪኽካን መንነትካን። ካብቲ ኑታ መጽሓፍ ክተንብብ እንከለኻ ዝሰምዓካ ዝተደባለቐ ስምዒታት ክዝይድ ከኣ ኣለዎ።

ገለ ኣብነታት ክጠቕስ፤

ኣብ በስክዴራ፡ ሰኑይ 30 ሕዳር 1970 (ልክዕ ከም ሎሚ፡ ቅድሚ 54 ዓመት) ዝጋጠመ ግፍዒ ከተንብብ እንከለኻ፡ ጥበቡ ትብዖት፡ ሓይልን ሓደኛትን ተቐማጦኣ የሐብሮ። ሰይጣናዊ ተግባራት ወተሃደራት ኢትዮጵያ ንኣስታት 280 ቁልዑ፡ ኣንስቲ፡ መንእሰያትን ሸማግለታትን ኣብ ሓንቲ ማስጊድ ኣእትዮም ብጢያይት ክብታትንዎም ደማ የናድደካ። ካብዚ ዝደሓኑ ወጻኢ-መዓት ክፈጥረሎም ዝኽእል ስነ-ኣእምሮኣዊ ነውጺ ክትግምት ትደናገር። ኣብ ዓዲ ዘይነበሩ፡ ኣቦላት ስድራቤቶም ክሓቕፉ ብሀርፋን ዝመጽኡ፡ ሬሳታት ተጸፍጺፉ ክቕበሎም!. . . እንድዒ በቓ! ንኹሉ ስምዒታት ኢኻ ትብጽሖ። እዚ ደማ ኣንባቢ ብምኳን ጥራይ እዩ።

መጽሓፍ “ዖናን በስክዴራን”፡ ኑቲ ዝቐጽለ ህይወት ገለ ወጻኢ መዓትን ዝጨበጡዎ ደረጃ ዓወታት'ውን ስለ እተዘንቱ፡ ንኣንባቢ ኣብ ዝተደባለቐ ስምዒት ኣይትገድፎን እያ። ዳርጋ ኣብ መፈጸምታ ነፍሲ-ወከፍ ንኡስ ኣርእስቲ፡ ኑቲ ዝሰዐበ ፍጻመን ዛንታን ዘያዳ ዘድምቓን ዘድርዓን ግጥምታት ናይ ዝተፈላለዩ ገጠምቲ [ሃገርና] ኣለዋ። ውሑዳት ቃላት ግን ደማ ኣድማስ ምሉእ ትርጉም ዘለወን ግጥምታት።

'እዘኣ'ያ ፍልይቲ፡ እዘኣ'ባ ካብ'ዘእ ትብልጽ' ኢልካ ዘይፈላለ ትሕዝቶ ካብ ዘለዋ መጽሓፍ “ዖናን በስክዴራን” ገለ ከንብበየ። ብዙሓ ሓንቲ ካብ ግፍዒ ዖና (ኣብ ታሕሳስ 1970 ሰብ ብኣልማማ ጢያይት ክቕተልን ምስ ገዝኡ ክሐድድን እንከሎ) ውጻኢ መዓት ዝኾነት ሓርበኛ ኣደ'ያ። ኣብ ካልኣይ ምዕራፍ ንኡስ ኣርእስቲ “ዘይትጸዓድ ኣደይ ዓቤት” ካብ ዝሰፈረ፤

“ብዓይኒ የብለይ ሰዒ ካብ ዝተኸሰነ ሓያሎ ጢያይት፡ ሓሙሽተ ዕላማ ወቒዓ። ድሕሪ'ዚ 'ኣበይ ከይትትንእ' ናብ ዝብል መደምደምታ በጺሐ ንሓንቲ ካብተን ክልተ ኣጓዱ ናይ እንዳ ዓቤት ክርቢት ሽርጠጡ ካልኣት ዝቐተሉ ክእልሽ ጉዲፋወን ተዓዚረ። ኣምላኽ ኣይትተዓወት ኢሉዎ ግን ሓዊ ዝኣጉደላ ኣጉዶ ብዕድል ሰብ ዘይነብራ ኮነት።

“ኣብ መስከረም 2016፡ ነደይ ዓቤት ብዛዕባ'ቲ ኣብ ልዕለኣን ዝወረደ ኣንደበተን ክሰንድ ዕድል ረኺብ ነይረ። ኣብ መንገኣንን ኣብ መንገ'ቲ ቀታልን ዝተፈጥረ ናይ ሞትን ህይወትን ምፍጣጥ ከኣ ብኸም'ዚ ይገልጻ፤


“ኣነ ብድሕሪት ንሱ ብቕድሚት ናይ'ቲ ገዛ ነይርና። ንሱ ንዓይ ክቐትል ኣነ ካብኡ ክኸወል ተረባሪብና። ይትኮሶ - ደስሕተኒ! ይትኮሶ የስሕቶ! ዳሕራይ፡ ፈለማ ሰለፈይ፡ ደጊሙ ኣብ ጎድነይ፡ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል እግረይን ኣብ ርእሰይን ምስ ረኸበ ራዕ ኣለ ወዲቐ። ግና ኣብ ባይታ ተዘርጊሐ እንከለኹ ነበሰይ ብዓቕሊ ጸቢት፡ 'ኬድኪ ሕነቐየ! ሕነቐየ! ትኽእሊ ኢኺ!' እናበልኩ ትእኩተኒ ነይራ። እንተ'ኾ፡ ዕድል ከይዛብ ዝተኮሳ ጥይት ንኣሰናኒይ ለኪማ ክጽዮ ሽሪዕ ደርብየትኒ። ሞይታ ኢሉ ሓዲጉኒ ከይዱ።”

ኣደይ ዓቤት፡ ኣብ ናይ ካልኣታት ፍልልይ ሓሙሽተ ጢያይት ኣብ ነብሰን ጸሒፉ እንከሎ፡ ብድድ ኢለን ተንሲአን። እዚ ዛንታ'ዚ ኣብ “ሆሊውድ” ዝተደርሰ ልቢ-ወለድ ፊልም ትርኢ ዘለኻ'ምበር ሓቂ ኮይኑ ኣይስምዓካን። ከመይ! ሓሙሽተ ጢያይት ኣብ ውሽጢ ደቓይቕ ብሰሰዕወን ከብቅዐ ደምን እናፈሰሰ ተንሲአን መሪሸን። ስጋ ዝለበሰ ፍጡር ብሓሙሽተ ጢያይት ተበሲሰዑ እንከሎ፡ ንእለት “ብድድ ኢሉ ተንሲኡ” እናበልካ ምዝንታው ክንዮ ሓሶት ዕሽት'ውን ክመስል ይኽእል'ዩ። ኣደይ ዓቤት ግን ብቓላተን ጥራይ ኣይኮናን ኣዘንትየን። ርእሰን ቀለፅን ቀማሽን ሰብሰበን ስለ ዘርኣያና ኣሚንና ጥራይ ዘይኮነ ንኸንዘምሰከር'ውን ትብዖት ረኺብና ንዝረብሉ ኣለና።

ሽዑ፡ ካብ ኩሉ ኣካላተን ደም እናፈሰሰን ገዝአን ተመልሳ። ኣብኡ ደማ ካልእ ሸገር ተፈጠረ። ብደምጺ ጢያይት ልቦም ተገልበጦ፡ ተሸቐሪሮም ዝጸንሑ ደቀን ንወላዲተን ርእዮም፡ መልኣኽ ሞት ከም ዝመጸኣም መሲሎም ባህረሩ። እተን ቅድሚ ውሑዳት ደቓይቕ ምስ ወጅሆን ዝተፈልያኦም ኣደ፡ ካብ ርእሰን ክሳብ ጽፍሪ እግረን ብደም ተሓጺበን ልዕሊ ድምጺ ጢያይት ኣሰንባዲ ፍጥረት ተቐዪረን ነበራ። ትርኢተን ስለ ዘርዓዶም ከኣ፡ ይትረፍ “ደማ” ኢሎም ክሕቑፋወን ካብኣን ደኣ ሃደሙ። . . .

ዝተረፈ ኣብዚ ልዕሊ 500 ገጻት ዝሓዘ መጽሓፍ ኣሎ ባዕልኹም መልእዎ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንኣንበብቲ ኣሕተምቲ ሕድሪ፡ ድሕሪ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ትጸቢት [ንኽንድኡ ግዜ መጽሓፍ ከይሓተሙ'የም ጸኒሖም] ብኣዝዩ ሃብቲ መጽሓፍ “ዖናን በስክዴራን” ምድባሶና ሓገሶና ጥርዚ ምኳኑ እናመስከርኩ፡ ንደራሲ እዛ መጽሓፍ መምህር ነጸረኣብ ኣዛዚ እንቋዕ ፍረ-ጻማኻ ክትርኢ ኣብቕዓካ እብል።



ነጃት ዐመር

### እርበዳ

ዝጥላዕ ጸምዋ ዓለሎ
'ቲ ርሑው ጉደና ናይ ህላው፡
መሬት ዝውሕጥ ተጋሕተ፤
ናይ መልኣከ ሞት ደኑ።

እንዶ ኣይብራን 'ዛ ንጽህቲ ዓዲ
ኣይ-በኢዱ-ኣይ-ብእግራ
ትፈልጦ'ኳ ኣይብራ
ሕሰም ሓደጋ ወረዳ
ንጽንተት ዝፈረዱ።

ሕቱን ሓይሊ ጸላኢ
ዓመጸኛ፡ ድሕር ጉዙኢ
ዶብ እንዳግቱ ሰጊሩ ከይኣኸሎ
ህልቂት ደቀቦት፡ ደም ተኸሎ
መሬታ'ምበር ሰብ እንታይ ኢሉዎ
በድራጋ በልማማ ተከሱ'ዩ ንቤታ ብደማ
ዘጨቀዎ።

ዘይተገርሐ ህላለ ዓማጺ፤
ደም ሰብ ዝመጺ፤
ንህልቂት ዝወፈረ፤ ዘዘርኸቦ 'ናመንጠለ
ወሻጠ ኣትዩ ሰብ ቀንጸለ
ኣደን ናጽላን እናጸለ፤
ደምቢ ጥሐሱ ጥሪት ቀተለ . . .
ዘኮሕኩሕ ስቅያት ኣኸተሉ።

እዚ ሕቱን ኣራዊት፡ ገኑኒ ሰራዊት
ከናዲ መጽሓፉ፤ ናይ ዓመጹ መርወዪ
ከም ሕቱን ደመኛ፡ ዞማቲ ኣረመኛ
ብቓጻ ብድሎ፡
ንእቡና በልማማ ቐንጸሎ።

ቤት ጸሎት ዘርፊደ ሽማግለ
ህርኩት ሸቃላዩ፡ ወፊሩ ዝወዓለ
ደቃ ከተጥቡ እትጉያ ኣደ
ጥሪት እምባሕእምባእ እናኣላ
ናብ ደንበኣን ከቡላ . . .
ግዜ ከይፈለየ
ብተመልከተሊዩ፡ ብድሎ፡ ብቓጻ
እናሰሓብ ቓታ
በቲ ደርገኛ ብድዑ፡ ዕወር ስሰዐ
ኣጥጥት ኣዴና ቁረጸ
ክብረት ሓውትና ተጋሃሰ
ህይወት ኣንጣዙና መልዓሱ።

ማስቀል ኣብ ኣድ ቀሸና
መቅጻርያ ኣብ ኣድ ሼኽና
ሃነቲ ጸወታ ቖልዑ
ኣደራረስ ኣብ እንዳ መርዑ
ሽማግለታት ሸዊት ጠበሶም 'ናበልዑ. . .
ሃንደበት'የም ከበድ ተኸሰ ዝሰምዑ።

ግና ምስሊ፤ ዘይናታቶም ዘርኢ
ከፉሀ ገጽ፡ ፍቕሪ ኣልቦ፡ 'ንትርፎ ጽልኢ
ዓጠቑ ክሳዕ ዓንቀሩ
ብሽታ ደም ሰኸሩ
ፍጡር ከም ዘይከኑ
ፍጡራት ዘማሰሉ
ሓጺኑመጺን ዓጠቑ
ህሩግ ደኣ በሊ. . .

ነፍሰጾር ኣደ፤ ዋልታ ዘይብላ
እናገዶየት ክትሓልፍ በየ ዕሻላ
ኣድራጋ ጥይት ኣብ ኣፍ-ልባ ኣዘለላ
ውሕጅ ደም ዛረየ ኣብቲ ገዛ።

እንታይ ኣፍለጦ ክብረት፤
ዓመጸኛ፡ ብሰንኛ ዝበትበት
እንታይ ኣፍለጦ ርስቲ፤
ዓማጺ፡ እንዳግቱ ዞማቲ።


ቃንዛናን ስቓይናን ዘይስቑር፤
ከሳድ መናእሰይ መመንጠሉ ኮመር።
ቃንዛናን ስቓይናን ዘይስቑር፤
ማህጸን ኣዴታት ደሰኞ ከም ከበሮ።
ቃንዛናን ስቓይናን ዘይስቑር፤
ሽዊት ዕድመ ብጥይት ኣሕረሮ።

እንሆ ሎሚ ዝኽሪ ዝሓለፈ
ምልስ ኢልካ ገጽ-ብጽብ በሰላ ዘትረፈ
ንቋዘማ ግን ኣይተሻን ንምስቅርቃር
ብማስዋእቲ ተሳዊሩ እንድዩ እቲ ዘይሰዐር፡
ንዘኽሪ'ዩ ንምዝኽኻር
መቓልሕ ትርጉም ምግባር
ዝሓለፈ በደል ተዓቢጡ ከይቕበር
ከዘንቶ፣ ኣብ ሓወልቲ ክውቀር፤
'እንተ ረሰዐ ዝወግኣ፡ ነይርሰዕ ዝተወግአ'።

### ደሃይ ሕትመት

ሓሙስ 5 ታሕሳስ 2024፡ “ስዉር ተልእኾ” ዘርእስቱ ብዮናታን ገብረየሱስ ዝተደርሰ መጽሓፍ ኣብ ኣዳራሽ ሲነማ ሮማ ምስ ኣንበብቲ ተላልዩ። “ስዉር ተልእኾ” ንዓበይቲ መድረኻት ታሪኽ ሰላሳ ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ጸምቑ ኣቢላ ብልቢ-ወለዳዊ ኣገባብ ዝቐረበ ታሪኻውን ስሊያውን ትሕዝቶ ከም ዘለዋ ደራሲ ናይታ መጽሓፍ ኣብ መእተዊ ገሊጹ ኣሎ።

እዛ 390 ገጻት ዘለዋ፡ ንዓበይቲ ታሪኻዊ ፍጻመታት ብጥባበዊ ኣቀራርባ እትድህስስ መጽሓፍ፡ ፈላሚት ድርሰት ደራሲኣ እያ። ኣብቲ ዕለተ መመረቕታ ድማ ዕዱማት ኢጋይሽ፡ ቤተ-ሰብ ደራሲ፡ ኣፍቀርቲ ስነ-ጽሑፍ ዝተሳተፉ ክኾኑ እንከለዉ፡ ሰብ ሞያ ስነጽሑፍ ገምጋምን ምስትምቓርን መጽሓፍ ኣቕሪቦም።





ደራሲ ዮናታን ገብረየሱስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንኹሎም ኑቲ ዕዮ ኣብ መፈጸምታ ከበጽሕ ዝሓገዙዎ ብምምስጋን ኣብ ምድላዋ ዝሓለፎ መስርሕን ዝተኸተሎ ኣገባብን ገሊጹ።

ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ኣበርክቶ መንእሰያት ንኣከባብያዊ ድሕነት

ስምኦን ወልደሚካኤል

ኣከባቢ ክበሃል እንክሎ፡ እዚ ንነብረሉ ሰተታ ወይ ከኣ ገጽ ምድሪ ምስ ኣብ ልዕሊኡን ትሕቲኡን ዝርከብ ጸጋታት ዝሓቁፍ'ዩ። ኣከባብያዊ ቅልውላው ኣብ ታሪኽ ተራእዩ ዘይፈልጥ ሓደጋን ስግኣትን ብምፍጣሩ ዓለማዊ ኣጀንዳ ኮይኑ ኣሎ። ኣካባብያዊ ድሕነት ምስ ሃገራዊ ድሕነት ተዋሲቡ ብሃገራት ክሕሎ ዘለዎ ክፍለ-ኣካል ናይ ሓንቲ ሃገር ምዃኑ ኣብ ክትዕ ዝኣቱ ኣይኮነን። ንሓደ ሕብረተሰብ ወይ ሃገር ልዕሊ ኣከባቢ ክሕሎ ዝግብኦ ነገር የብሉን። ከም ኤርትራውያን ኣብ ኣብ ውሽጢ ጂኦግራፍያዊ ክሊ ሃገርና ዝርከብ ሰብ፡ ገረብ፡ እንስሳ፡ ሓመድ፡ ማይ ልዕለን ትሕተን ዝርከብ ማዕድናት ክሕለውን ውሕስነት ክስምየምን ናይ ምግባር ሓላፍነት መንእሰያት ልዑል'ዩ። ከም ኣብ ምምዕባል እንርከብ ሃገር፡ ካብዚ ዝዓቢ ዕማም ወይ ተልእኾ ክህልወና ኣይክእልን።

ሓመዳን ኣግራባን ክትዕቅብ ዘይከኣለት ሃገር መሰረታ እያ ተዐኑ። ከምቲ ቀልዓ ኣብ ጥዑይ ማህጸን ናይ ኣደ ዝሰረት፡ ኣግራብ ከኣ ኣብ ጥዑይ ኣከባቢ እዮም ዝበቑሉ። ኣግራብ ንጹህ ትንፋስ ዝህቡ ሳንቡእ ናይ መሬትና እዮም። ገረብ ቀሪጽካ መጽለሊ ካብ ምስራሕ ኣብ ትሕቲ ገረብ ኴንካ ምጽላል ይሓይሽ። ሂወት ናይዚ ኣብ ዓለም ዘሎ ሂወታዊ ኣብ ገረብ ዝተመርኮሰ እዩ። ብዛዕባ ሂወት ሓልዮት ዘለዎ መንእሰይ፡ እቲ ዝበለጸ ከበርክቶ ዝኽእል ሓገዝ ምእንቲ ሂወት ገረብ ምትካል'ዩ። ትንፋስ ሰብ ኣብ ጉንድን ቆጽልን ገረብ'ያ ዘላ። ምግራብ እምበኣር እቲ ዝበለጸ መግለጺ ሰብኣውነትን ሰብኣዊ ረድኤትን



እዩ። ብመንእሰያት ተመሃሮ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ህዝብን ዝግበር ዘሎ ወፍሪ ሕውየት ኣከባቢ፡ ካብዚ ዘለዎ ብዕጽፍታት ክዓቢ ኩሉ ሓላፍነታዊ ዜጋ ተበግሶኡ ከዕዝዝ ይግባእ።

ኣደና እንታይ ንግበረላ? ገጻ ከይፈርስ ንወልውላዶ! መሬትን ኣብኣ ዘሎ ኩሉን እቲ ዝበለጸ ህያብ ተፈጥሮ'ዩ። ተፈጥሮ ዕለት ዕለት ማእለያ ዘይብሉ ጽባቐ ትቕርበልና'ያ። ካብ ጽቡቕ ዕንባባን ሃገግታ ጥዑም ጨናን ክሳብ ጨቕጨቕታ ኣዕዋፍ ዝዘርጋሕ ዘይነቕልበሉን ከም ትሑዝ ንወስዶን ጸጋታት ካብ ለጋስ ኢድ ተፈጥሮ ንረኽብ። ገለና ንጻባቐ ተፈጥሮ ጽባቐ ክንውስኽ ንሃልኽ፡ ገለና ከኣ ዕለት ዕለት ፋስን ምሳርን ሒዝና ተፈጥሮ ንዝተኸሎ ጽባቐ ንጉንድብን ነባድምን። ገለና ከኣ ጉሓፍና ፈቐዶኡ እናደርበና ኣከባቢና ነጋዕዚ። ካልእሲ ይትረፈ ማስቲካን ናይ ኣውቶቡስ ትኬትን ኣብ ጽርግያ ዘይድርብዩ ጽፉፋት መንእሰያት ከኣ ኣለዉ። ንጎሓፍ ኣብ ዘይቦታኡ ዝጉሕፍ ንባዕሉ



ጎሓፍ'ዩ ዝብል ዓርኪ ኣሎኒ።

መሬትን ኣደን ሓደ እየን። ከምቲ ኣደ ንውሉዳ ከም ግብሩ ዘይትኸዶ፡ መሬት ከኣ ንዓና ግብርና ከይረኣየት ክትናብየና ኢዳ ትዝርግሕ ለዋህ ኣደ እያ። መሬት ኣድልዎ ዘይትገብር ኣደ ኩሉ ፍጡር እያ። ፍቕሪ ኣደን ፍቕሪ መሬትን መወዳእታ የብሉን። መሬት ከምዚ ካብ ኮነት ከይትዓርቕ ንኽደናዶ? ከይትቕንዞ ንሕክማዶ? ከይትጉሂ ኣጆኺ ንብላዶ! ልዕለ-ገጻን ውሽጢ ከርሳን ብኸመይ ንሓዞ? ኅቦታትን ስንጭሮታትን ንገጽ ምድሪ ከጸብቑ ዝተፈጥሩ እዮም። ኣግራብ እንተ ዘይብሎም ግን ገያጻት እዮም። ኣግራብ ንመሬት ዘጸብቑ ኩሕሊ፡ ንገጻ ዘጽልሉ መጽለሊ እዮም። እታ ንዓና ትሃስየና ጸሓይ ንኣግራብ መግቢ'ያ። ኣግራብ ብጸሓይ ዘይኮኑ ብሰብ እዮም ዝሓሩ። ወዲ ሰብ ኣግራብ ክበትኽን ኣግራብ ካብ ምትካል ከድሓርሕርን እንከሎ፡ ንተፈጥሮ ጥራይ ዘይኮነ ንተፈጥሮኡ እዩ



ዘዐኑ። ዓሳ ንኽነብር ማይ ይሰቲ'ኳ እንተኾነ፡ ህይወቱ ኣብ ህላወ ባሕሪ ከም ዝምርኮስ ተገንዚቡ፡ ንባሕሪ ግን ኣይጽንፍፎን እዩ። ሰባት ምስዚ ኩሉ ንቕሓትና፡ ሂወትና ኣብ ኣግራብ ከም ትምርኮስ ኣይንፈልጥን። ንመሬት ክንነብራ ዘይኮንናስ ክንወራ ከም ዝመጻእና ንኹሉ ኣብኣ ዘሎ ነዕንዎ ኣሎና። መሬት ብደቂ ሰባት ዝወርዳ ዘሎ ዕንወት ተገላጺ ኣይኮነን። ኣኽራናትና ብዕብራን ተጋሂጾም፡ ኅላጉል ተቐሊጦም መልክዖም ተሓጢጡ፡ ሩባታት ሓዊ ከም ዝወሓዞም ጠሊ ተሓሪምዎም ካብ ምርኣይ ዝኸፍእ ካልእ ትርኢት የለን። ነቃዊት ኣራዊት መሮር ዝናፈቓ እዝኒ ብምንታይ ንደብሶ? ጨቕጨቕታ ኣዕዋፍ ንግሆ ካብቲ ዝሃደሞ ብኸመይ ንምለሶ? ዕርቃና ንዝወጸት መሬት ብኸመይ ንኸድና? ንጽህና ኣከባቢና ብኸመይ ንሓልዎ? ኣብ ዝብል ነጥብታት ዕቱብ ክትዕ ነካይደሉ።



ሂወት ዘለዎ ኩሉ ናብ ገረብ'ዩ ዝዓጉግ። ገረብ ንሂወታውያን ዝስሕብ ሓይሊ ኣለዎ። ስለዚ፡ እቲ ገረብ ዝተክል ተሰፋ ምንባር'ዩ ዝተክል'ሞ መንእሰያት ጽባሕ ነጽልሉ፡ ፍቕርና ንገልጸሉ፡ ንሰኣለሉ፡ ንዘናግዓሉ ኣግራብ ንምትካል ንበገስ። ገረብ እቲ ዝበለጸ ሓደ ሰብ ከቕንየ ዝኽእል ሓወልቲ ዝኽሪ'ዩ። ነፍሲ ወከፍ ተመሃራይ ኣብ ዓመት ሓንቲ ገረብ ስዉእ ተኺሉ እንተ ኣጽዲቑ፡ ኣብ ጎና ከኣ ስምና ጽሒፍና ሓንቲ ገረብ እንተ ተኺልና ኤርትራ ጫካ ክትከውን እያ። ሓወልቲ ድሕሪ ሞትካ ስምካን ውዕለትካን ጸይሩ ምስ ዳሕረዎት ወለዶታት ዘላሊ ቅርሲ'ዩ። ገረብ ልዕሊ እቲ ብእምኒን ሓጺንን ዝህነጽ ሓወልቲ'ዩ። እዚ ሎሚ ካብ ጸሓይ ወይ ካብ መሾምቦባ ክንዕቆብ ተኣሊና እነጽልለሉ ገረብ ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ዝተተኽለ'ዩ። እቶም ቀዳሞት ኣስማቶም ዝተጻሕፎ ኣትክልቲ ሓዲጎም እንተ ዝኸዱ፡ ሎሚ ኣብ ትሕቲ ገረብ ናይ መን ኴንና ነጽልል ምህላውና ምፈለጥና።

ተኽልን ሰብን ብዙሕ ዘመሳስል ረቛሒ ኣለዎም። ከምቲ በይኑ ክነብር ዘድሊ ሰብ ዘየለ፡ ንበይና ክትነብር እትደሊ ተኽሊ ኸኣ የላን። ተኽሊ ከም ሰብ ጽምዋ ኣይጸውርን'ዩ። ክነብር፡ ክዓቢ እንተ ኾይኑ ኣብ ጥቓኡ ዝጎዝጎዞ ይደሊ። ስለዚ፡ ከየውሓድና ኣብዚሕና ብሓንሳብ ክንተክል እንተ ዘይክኢልና ስራሕና ኣሰር ክገድፍ ኣይክእልን ስለዝኾነ እቶም ዝጀመርና ንቐጽለሉ፡ እቶም ዘይጀመርና ከኣ ንበገስ። ኣብ ቀላጥ ወገን ናይቲ ትነብረሉ ዘለኻ ኣከባቢ ገረብ ምትካል ማለት ንቑስሊ መሬትና ዝሕክም ሓኪም ምዃን ማለት'ዩ። ዝዓረቐ ዝባን ናይ ኣከባቢና ንኽደኖ።

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

## ውሽጥኻ እመኖ

ሱራፌል ተ.

መምህር ሞሪ፡ ክንፍትኖ ዘለና ሓደ ፈተነ ኣዳልዩልና ከም ዘሎ ነገረና። ኵልና ናይታ ክፍሊ ተመሃሮ ተንሳእና። ሓደ ኣብ ቅድሚት ወጺኡ፡ ሕቘኡ ብምሃብ፡ ንድሕሪት ራዕ ኢሉ ክወድቕ፡ ንሕና ድማ መሬት ከይተንከፈ እንከሎ ክንሕዞ ምዃንና ነገረና። ንዝበዛሕና ኣይተበራሃትናን። ልብና ኣውዲቕና፡ ከም ኣዋድቓ ዓንዲ፡ ንድሕሪት ክንዕሎ ፈተንና። ግና ብግስ ከይበልና እግርና ንድሕሪት እና'ሰጉምና ከነተግብሮ ኣይከኣልናን። በብሓደ ክንፍትን እንከለና፡ እቶም ካልኦት በቲ ንርእዮ ንስሕቕ ነበርና። ሓደ'ኳ ልቡ ኣውዲቑ ንድሕሪት ራዕ ክብል ዝደፈረ ኣይነበረን። በቲ ፍርሕና ዘፈደሐ ኣጋጣሚ ድማ ደጋጊምና ሰሓቕና።

ኣብ መወዳእታ ሓንቲ ተመሃሪት ናብ ቅድሚት ወጽኣት። ንሓደ መማህርትና ብድሕሪት ኰይኑ ክቘልባ መረጸቶ። ብኽልተ ኣእዳዋ ንኸብዳ ሓቚፈት፣ ኣዒንታ'ውን ዓመተት። ልክዕ ከም ኣዋድቓ ዓንዲ፡ ምዕይ ከይበለት፡ ነብሳ ንድሕሪት ክወድቕ ፈነወቶ።

ኣብታ ካልኢት፡ ኣኺሉዋ ምስቲ ምድሪቤት ክትላተም'ያ ኢልና ሓሰብና። ቅድሚ መሬት ምብጽሓ ግን እቲ ክቕበላ ዝመረጸቶ ብጻያ ቈለባ። ብርእሳን ሕቘኣን ደጊፉ፡ ሻቡ ደው ኣበላ።

"ዓሸ!" ብምባል ገለ ተመሃሮ ወጨጭና፣ ገለ ኸኣ ኣጣቓዕና። ሞሪ መወዳእታኡ ፍሽኽ በለ።

"ኣስተውዒልኪዶ?" በላ ነታ ናይቲ መዓልቲ ጅግና ተመሃሪት። "ንስኺ ኣዒንቲኺ ዓሚትኪ። ካብቶም ክገብርዎ ዘይከኣሉ ካልኦት መማህርትኺ ዝፈልየኪ ንሱ'ዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ነቲ ትርእዮ ክትኣምኖ



ኣይትኽእልን ኢኻ። ውሽጥኻ ዝነግረካ ሓቂ ግን ኣሎ፣ ነቲ ውሽጥኻ ዝነግረካ ክትኣምን ኣለካ። ካልኦት ሰባት ክኣምኑኻ ትደሊ እንተ ኴንካ፡ ንስኻ ትኣምኖ ምዃንካ ክስመዓካ ኣለዎ። ዋላ ኣብ ጸልማት እዋን ሃሉ፣ ዋላ እናወደቕካ እንከለኻ።"

ምንጪ፤ መጽሓፍ "Tuesdays with Morrie" ብሚች ኣልቡም

# ስድራ ቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## “ምሉእ ምሕረት ብምግባር፡ ሕልናና ኣዕሪፍና” ስድራ ቤት መዋቲ

ማርታ ክብሮም

ሓደጋ ወዘቢ'ዩ። መዓስን ኣበይን የጋጥም ስለዘይፍለጥ ከኣ ኩሉ ግዜ ልዑል ጥንቃቐ ይሓትት። ሓደጋ ዘስዕቦ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ህሰያ ከቢድ'ዩ። ሞት እንተደኣ ኣኸቲሉ ድማ፡ እቲ ዝፍጠር ሓዘን


ዓንደብርሃን ተስፋጋብር (መዋቲ)

ዘኽትምናን ብጹኡ መንጸር ይዛይድ። እቲ ጉዳይ ብሰላም፡ ዕርቅን ምሕረትን እንተዘይደቂሱ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ስድራቤታት መዋትን ፈጻሚ ሓደጋን ዘይተደልየ ጸገም ይፍጠር። መግዓዝያ ሓራት ናይ ኩሉ ህዝቢ እየን፡ ዋንኡተን ከኣ ናይ ህዝቢ. እምበር ናይ ውልቀ-


ሚኪኤል ዓንደብርሃን (ወዲ መዋቲ)

ሰባት ኣይኮናን። ሓደጋ ምስ ዝፍጸማ ከኣ፡ ናብ ወሰናት ሰባት ዝወርድ ዘይኮነ ናይ ኩሉ ሰብ ሓላፍነት ክኸውን እዩ ዝግባእ።

ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ብዙሓት መዳርግቲ ዘይብሎም ክብርታት ከምዘለዉ. ኩልና እንፈልጦ ሓቂ'ዩ። እዞም መዛና ኣልቦ ዝኾኑ ክብርታት ናብ ወለዶ ንምስግጋርም ከኣ ሓላፍነት ኩልና ይኸውን። ሓደ ካብ'ዞም ንጽባቐ ሕብረተሰብና ኣጕሊሖም ዘርእዩ ክብርታት፡ ድንገት ኣብ ዘጋጥም ሞት ዝግበር ኣገባብ ምሕረትን ዕርቅን'ዩ። እምበኣርከስ ኑዩም ዝ. ረዚን ባህሊ'ዚ ዘተግብርዎ መርኣያ ክብረቶምን ርዝነቶምን ስለዝኾነ ቀጺልዎ ንምግላጽ፣ ኑዩም ክብርታት ሕብረተሰብ ገሊዮም ዘይጸንሕ ሰሰዕ ባህርያት ዘርእዩ ብኣጸብዕ ዝቐጸሩ ጋር-ኑበሲ ዝሓቱ ውልቀሰባት ድማ ዓይናም ክሓስዩን ክበራበሩን ንምዝኽኻር፣ ቀጺልና፡ ብሰናይ ድሌትን ምርድዳእን ስድራቤት መዋቲ ብምዕሩግ ኣገባብ ዕርቅን ምሕረትን ናይ ዝደቀሰ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ነስዕበልኩም - ሰናይ ንባብ፦

ኣቶ ሃይለ ተስፋሚካኤል መራሑዋ ናብ ሽማንገለ ታሕታይ ትኸይድ ዝነበረት ሓራት፡ ብዕለት 14 መስከረም 2024፡ ሰዓት 7 ድሕሪ ቐትሪ እዩ፡ ሓደጋ ኣጋጢሙዋ። እቲ ሓደጋ ብሰንኪ. ተክኒካዊ ብልሽት ዘጋጠመ ኰይኑ፡ ናብ ዓዲ ክትኣቱ ምስ ቀረበት ተገምጢላ። የግዳ ኩሎም ተሳፈርቲ ብደሓን ክወጹ ከለዉ፡ ኣቶ ዓንደብርሃን ሃብተጋብር ግና ብዘጋጠሞ ማህሰይቲ ኣብ ሆስፒታል ክኣለ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብዕለት 12 ጥቅምቲ 2024 ዓሪፉ።

ነዚ ዝተፈጸመ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ መዕለቢ. ንምግባር፡ ብዕለት ብ23 ሕዳር 2024፡ ኣብ መንጎ'ዞም ክልተ ስድራቤታት ወግዓዊ ናይ ዕርቂ ስነ ስርዓት ተፈጺሙ።

ኣብ'ቲ ናይ ዕርቂ ዕለት፡ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ሃይለ ተስፋሚካኤል ምስ ቤተሰቡ'ዩ ኣብ ቅድሚ ስድራቤት ኃፍሲሄር ዓንደብርሃን ተስፋጋብር ቀሪቡ። ነቲ ናይ ዕርቂ መደብ ብጸሎት ዝኸፈትዎ ቀሺ ዘሚካኤል ሃብቱ ድማ፡ ተቓጺሮም ምርኻቦም ንፈጣሪ ድሕሪ ምምስጋኑ ብስድራቤት መዋቲ ንዝተገብረሎም ኩሉ መዳያዊ ኣቀባብላን ኣኽብሮትን ምስጋናኦም ብምሃብ፡ ስድራቤት መዋቲ፡ ነታ ኣብ ምድሪ ኩነ ኣብ ሰማይ መለክዒ ዘይብላ ምሕረት ምምሪጾም፡ መርኣያ እምነቶምን ብሃገር ደረጃ ዝግለጽ ኣብነታዊ ቅዱስ ተግባሮምን ምዃኑ ሓቢሮም። ቀጺሎም ኣቦይ ቀሺ፡ ኩሉ ኣብ ህይወት ሰባት ዝፍጸም እግዚኣብሄር ዝፈቐዶ ከምዝኾነ ድሕሪ ምርዳእ፡ “ነቲ ዝሞተ መንግስተ ሰማያት የዋርሶ ኑዩም ዘለና ከኣ ጠልን በረኸትን ይግደፈልና፤” ኢሎም።

ቀጺሎም ቡቲ ዝተፈጸመ ስነስርዓት ዕርቂ ዝተሰምዖም ሩፍታን ባህታን ዝገልጹ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ከምዚ ዝስዕብ ቃል ኣሰሚዖም።

“ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ ሓውና ብዘጋጠሞ ሓደጋ ብሞት ተፈልዩና ኣሎ። ወሰድኩምዎ ዘለኹም ስጉምቲ፡ ንሃገርናን ንህዝብናን ጸቡቕ ኣብነት ብምዃኑ ድማ፡ ኩሉ ዜጋ ክኽተሎ ዘለዎ ረዚን ኤርትራዊ ባህሊ'ዩ። ሓውና ድማ ኣብ ብሩኻት ገዛ ወዲቑ ኣሎ። ምሕረት ዝገበረ ምሕረት እዩ ዝረክብ እሞ፡ ንስኻትኩም ከኣ እናመሓርኩም ንበሩ።”

“ወላ'ኳ ብሞት ሓውና ሓዘን እንተተሰምዓና፡ ኩሉ ጉዳይና ከምዚ ኢሉ ብፍቕሪ ምውድኡ ከኣ ሕጉሳት ኢና። ናጻ ክትብሉና ከለኹም ዝሰምዓና ሓጎስ ወሰን የብሉን። ኣምላኽ ጸድፊ ይፈጥር እሞ መደያይቦ ኸኣ ይገብረሉ


ጸጋ ተስፋጋብር (ሓውቲ መዋቲ)

ከምዝበሃል፡ ንሓውና ንዓኹም ብሩኻት ስድራ ፈጢሩሉ ኣሎ። ኣብ ኩሉ ጉዳይኩም ተኻፈልቲ ይግበረና። ኣብ ጸቡቕ የራኽበና።”

ብስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ እኹል ናይ ምስጋና ቃል ምስ ቀረበ፡ ብወገን ወሃብቲ ምሕረት ዝኾኑ ስድራቤት መዋቲ'ዩ እዚ ዝስዕብ ናይ ምሕረት ቃል ተሰሚዑ። ንገለ ካብ'ቶም ቃሎም ዝሰምዑ ድማ፡ ብኸምዚ ዝስዕብ ጽምቚ ኣብልና ከነቕርበልኩም፦

ካብ ወገን ስድራ ቤት መዋቲ ኣቶ ወልደጼን ኢሳቕ፡ “እዞም ክልተ ሰባት ሓውና ኣውቲስታ ሓራት ሃይለን ሞት ኣጋጢሙዎ ዘሎ ዓንደብርሃንን ቡብሰርሖም እዮም ናብቲ ዓዲ ዝኸዱ ነይሮም፡ ዝኾነ ዘይምስማዕ ወይ ዘራኽቦም ጉዳይ ኣይነበረን። ሕጂ ድማ ንሕና፡ ካብዞም ስድራ ፍቕርን ሰላምን ጥራይ ኢና ንደሊ. እምበር፡ ካልእ እንደልዩ ነገር የለን” ክብሉ ገሊጾም።

“ዓንደብርሃን ኣዝዩ ጥዑም ሰብ እዩ ነይሩ፡ ኩላትና ተኣኪብና'ኳ ክንዲ ፍርቁ ኣይንዐጽሕን። ቅኑዕ፡ እሙን፡ ፈቃር፡ ትሑት ሰብ እዩ ነይሩ። ከምኡ'ውን ሓዳሩ ኣኽቢሩ፡ ደቁ ኣማእዚኑ ዝኸይድ ሰብ እዩ ነይሩ። እዚ ምእንቲ ናጽነት ዝተጋደለ ሓርበኛ፡ ብሓንቲ ዓረር ጥይት ዘይተቐትለ ሎሚ ግና መዓልቱ ኮይና ብሓንቲ ሓጺን ሞይቱ። ንዕኡ ዝመስል ሰብ ይተክኣልና። ደቁ ናቱ ኣሰር ክስዕቡን ብስርዓት ወለዶም ተማእዚኖም ዝኸዱ ውሉድ ክኾኑልና፡ ናይ ኩላትና ትምኒት እዩ። ንሱ ድማ ክንዲ ኣቦኦም ኮይኑ ከተማእዝኖም እየ ዝኣበወ። ንሱ መንግስተ ሰማያት የዋርሶ፡ መገዲ ቅዱሳን ይግበረሉ። ንሕና ኸኣ ናይ ጸግዕት ሰባት ደብሰና” ክብሉ ቃሎም ዘሰምዑ ካብ ስድራ ቤት መዋቲ ቀሺ. መድሃኔ ሃብተማርያም እዮም።

ወይዘሮ ጸጋ ተስፋጋብር ንመዋቲ ዓንደብርሃን ምንኣስ ሓብቱ እያ። ነቲ ናይ ዕርቂ ኩነታት ኣመልኪታ ድማ፡ “ዓንደብርሃን ሓወይ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ደቂን እዩ። ንሱ፡ ኣብ 1974 ተሰሊፉ፡ ካብኡ ዝሕተት ዘበለ ንሃገር ንእሱቱን ሂወቱን ዘሕለፈ. ኮይኑ፡ ኣብ ሂወቱ ድማ ብሩኽ፡ ኣላዪ ገዛን ቀላሲ.ን እዩ ነይሩ። ንኹሉ ሰብ ብዘዘበር ፍቕርን ዕርቅን እዩ ዝፍለጥ። ሕጂ ከኣ፡ ተዘኪሩ ናይ ሰይቲ ሓወቦና ንኸሕልፍ ናብ ሽማንገለ እናኸደ ከሎ'ዩ እዚ. ሓደጋ ኣጋጢምዎ። ብዘጋጠሞ ሓደጋ፡ ብሞት ምፍላዩ ሕማቕ እዩ ተሰሚዑና። ሎሚ ከኣ፡ ድሕሪ ሞቱ ኣብ 40 መዓልቱ ምስ ስድራ ፈጻሚ ሓደጋ፡ ብዕርቂ ንዛዘሞ ኣለና። ምኽንያቱ፡ ሓወይ ክመውት ኢሉ ኣይከደን መራሒ ኣውቶብስ'ውን ሓደጋ ኪጋጥሞ ኢሉ ኣይሓሰበን። ናይ መዓልቲ ጉዳይ እዩ ኣራኺቡዎም። ስለዚ፡ ነቲ ጉዳይ ምሉእ ምሕረት ብምግባር ብዕርቂ ምዝዛምና ከኣ፡ ሕልናና ዘዕርፍ ነገር ኢና ገይርና'ሞ፡ ካልኦት ካብ'ዚ. ናትና ኣብነት ክመሃሩ እዘኻኽር” ኢላ

“ኣቦይ በጺሒሑ ክምለስ እምበር ክመውት ኢሉ ኣይከደን። መዓልቱ ስለዘኣኸለት ግና ኣይተመልሰን። ሰብ ኮይኑ ዘይብድል ስለዘየሎ፡ ንዝበደለካ ምሕረት ምግባር ከኣ መርኣያ ልቦናን ፍቕርን ብምዃኑ፡ ሕጂ ምሉእ ምሕረት ገይርና ኣለና። ካብ ፈጻሚ ሓደጋ ቅንጣብ ገንዘብ ወሰድና ትርጉም ስለዘይብሉ ከኣ፡ ፍቕሪ መሪጽና ኣለና። ካሕሳ ጥቕሚ የብሉን፡ በዚ ኣጋጣሚ ዚ. ክቡር ባህልና ክንዕቅቦን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉን እላቡ” ዝበለ ወዱ ንመዋቲ መንእሰይ ሚካኤል


ቀሺ ዘሚኪኤል ሃብቱ

ዓንደብርሃን እዩ።

ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ሃይለ ተስፋሚካኤል፡ ስለ'ቲ ካብ ሂወቱ ዘይርስዖ ዝተገብረሉ ምሕረት'ዩ ነዚ ዝስዕብ ሓጺር ቃል ተዛሪቡ - “ክቡራት ስድራ፡ እቲ ዘጋጠመኒ ነገር ከቢድ'ኳ እንተኾነ፡ ቡቲ ዝገበርኩምለይ ምሕረትን ጸቡቕ ኣቀባብላን ኣዝየ እየ ዘመስግን። ካብታ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ ብዙሕ ገጽ ኢ.ኹም ተቐቢልኩምና። ብሕጂ ከኣ፡ ስለቲ ብገንዘብ ዘይልካዕ ምሕረት ዝገበርኩምለይ፡ ኣብ ጸቡቕኩም



ሃይለ ተስፋሚካኤል (ፈጻሚ ሓደጋ)

የውዕለኒ” ኢሉ።

ኣብ መወዳእታ ኣቦይ ቀሺ - ቀሺ. ዘሚክኤል ሃብቱ መሓሪ ኑቲ መደብ ብኸምዚ ዝስዕብ ሓጺር ናይ ምስጋና ቃል ብምስማዕ'ዮም ኑቲ ስነ ስርዓት ዛዚሞምዎ። “ንእግዚኣብሄር ኣብ ሕያዎት ገዛ ስለዘውደቐና፡ ኣዚና ኢና ነመስግኖ። ንዝሞተ ሓውና ዓንደብርሃን ተስፋጋብር ድማ፡ መንግስተ ሰማያት የዋርሶ፡ ጠልን በረኸትን ምጽግናዕን ከኣ ናብዚ ቤት የብጽሖ። ሓዳግ ሰብ ኩሉ ግዜ ክቡር'ዩ። ከምዚ ናትኩም ትሕትና፡ መንግስተ ሰማያት ዘውርስን ፍቕሪ ዝስሕብን ስለዝኾነ፡ ካባኹም ትሕትናን ፍቕርን ኢና ተማሂርና። እዚ ወሰድኩምዎ ዘለኹም ስጉምቲ ከኣ፡ ንታሪኽናን ባህልናን ዘደንፍዕን ንሃገር ምሉእ ኣብነታዊ ስጉምቲን ስለዝኾነ፡ ቅዱስ ተግባርኩም ወትሩ እናተዘከረ ክነብር እዩ” ክብሉ ምስጋናኦም ኣቕሪቦም።


ስድራ መዋቲ


ስድራ ፈጻሚ ሓደጋ



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ቅድድም መኪናን ሞተር ብሽክለታን ተኻዪዱ

ስእሊ. - ኣቤል በረኸት

ሃገራዊ ቅድድም መኪናን ሞተር ብሽክለታን፡ ሰንበት 8 ታሕሳስ ኣብ ቤት ጊዮርጊስ ተኻዪዱ።

ኣብዚ ብልምዲ ጃምካና ተባሂሉ ኣብ ዝጽዋዕ ቦታ ዝተኻየደ ውድድር፡ ተቐዳደምቲ ብመጠን ሓይሊ ሞተር ናይተን ዝሕዘወን መካይንን ሞተር ብሽክለታን ኣብ ምድባት ተኸፋፊሎም ተጻዊቶም።

ኣብዚ ሓንቲ ዙርያ 1.4 ኪሎሜተር እትሸፍኖ ውድድር፡ ፈለማ ዝጀመሩ ተቐዳደምቲ ናይ 1000 ሰሰ. እዮም ሸሞንተ ዙርያ ሸፊኖም። ኣብዚ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ዝበረቶ ምድብ፡ ፈያት ኡኖ ዝዓይነታ መኪና ዝላዘ ኣዳም ደብሳይ ቀዳማይ ኣትዩ። ሴም ዑቕባሚካኤልን ዳዊት ኣሮንን ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም። እንኮ ጓል ኣንስተይቲ ተቐዳዳሚት ኣብዚ ውድድር ዝበረት ሲና በረኸት፡ ታሻዓይ ደረጃ ሐዚ። እዛ ጓል 21 ዓመት መንእሰይ፡ ብትብዓት ኣብዚ ውድድር ምስ ደቂ ተባዕትዮ ምቅድዳማ ሞሳ ዝግበኣ እያ።

ኣብ ተመሳሳሊ ሰሰ፡ ኣብራት ተቐዳደምቲ'ውን ኣብ ምድብ 'ህ'ን 'ለ'ን ተኸፋፊሎም ተጻዊቶም፣ 10 ዙርያ ከኣ ኮለሎም። ኣብ 'ህ' መሴ ከርስ ጸብለል ክብል እንክሎ፡ ቴድሮስ ሰዩምን ዳንጾም እምባዩን መድረኽ ዘደየቦም ደረጃ ሐዙዎም። ኣብ ምድብ 'ለ' ድማ 45 ሓይሊ. ፈረስ ዘለዎ ፈያት ኡኖ ሐዙ ዝተወዳደረ ሚሮን ተወልደመድህን፡ ንናታን መሓሪን እዮብ ክፍለን ኣኸቲሉ ተዓዊቱ።

12 ዙርያ ዝሸፈኑ ናይ 1300 ሰሰ. ኣብራት ተቐዳደምቲ'ውን ኣብ ክልተ ምድብ ተኸፋፊሎም እዮም ተወዳዲሮም። ኣብ 'ህ'፡ ፈያት ኡኖ ዝዘወረ ሚልኪያስ ጉዒ. ተዓዊቱ። ተመሳሳሊ. ኣፔል ኮርሳ ዝላዙ ዳዊት ማተዎስን ዳኒኤል ሮኽረጼንን ከኣ፡ እግሪ እግሩ ኣትዮም። ኣብ ምድብ 'ለ'፡ ኣማር ኢማም እዩ ቀዳማይ ደረጃ ሐዙ። ፍርያት ኢጣልያዊት ኩባንያ ፈያት ዝኾና መካይን ዝዘወሩ ዓወት ወልዱን ዓብደልሰላም ዓብደልቃድን ድማ ተኸቲሎሞ፡ ብሩርን ነሓስን መዳልያ ኮይኖም።

ኣብቶም 1600 ሰሰ. ካርቡራቶር መካይን ዝላዙ፡ ኣብ መንጎ ሙልጌታ ሃይለን ኣቤል ምሕረትን ሱላብ. ምንትህልላኽ ተራእዩ። ኣፔል ኮርሳ ሐዙ ዝተወዳደረ ሙልጌታ ከኣ ሆንዳ ሲቪል ንዝላዘ ኣቤል ረቲዑ፡ ናይ ዝሓለፈ. ወርሒ. ስዕ ዓወቱ ደጊሙ። ቶዮታ ኮሮላ ዝዘወረ ያፈት የሴፍ፡ ሳልሳይ ኣትዩ። እዞም ምድብ እዚኦም 14 ዙርያ እዮም ሸፊኖም።

ኣብቶም 16 ዙርያ ዝኸደሉ ናይ 1600 ሰሰ. ኢንጀክሽን ተቐዳደምቲ፡ ፍርያት ፈረንሳዊ ኩባንያ ሬናውል ዝኾነት መኪና ሐዙ ዝኣተወ በየነ ስምኦን፡ ናይቲ ኩባንያ ፍርያት ዝኾነት መኪና ንዝዘወረ ሐሴን ኣሕመድ በሊጹ ቀዳማይ ኣትዩ። መሴ ታደሰ ከኣ ተኸታሊ ነሓስ መዳልያ ኮይኑ።

ተቐዳደምቲ ካብ 1600 ሰሰ. ክሳብ 1800 ሰሰ. ብሓባር እዮም ኣብ ሓደ ምድብ ተወዳዲሮም። ወርሒ. ሸዱሸተ ቀዳማይ ኣትዩ ዝበረ ናይ 1600 ሰሰ. ቶዮታ ኮረላ ዝዘወር ሓጎስ ጎይትኦም፡ ሕጂ'ውን ቀዳማይ ኣትዩ። ስርሓት ጀርመናዊ ኩባንያ ቮልክስዋገን ዝኾና መካይን ዝላዙ ዓቢ. ደሕዳኝን ሄኖስ ገብረሂወትን ድማ ኣብቲ 16 ዙርያ ዝሸፈነ ውድድር ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም።

ኣብቶም ሰለስተ ተቐዳደምቲ ናይ 2000 ሰሰ፡ ምሉእብርሃን ሰለሙን ቀዳማይ ኣትዩ። ኣብ መወዳእታ ናይ ጎማ ጸገም ገጢሙ ዝበረ ምሉእብርሃን፡ 155 ሓይሊ. ፈረስ ዘለዎ ኣልፋሮሜዮ መኪና ዘዊሩ እዩ ዝ. ናይ 18 ዙርያ ውድድር ተዓዊቱሉ። ናይ 1300 ቱርቦ ፈያት ኡኖ ዝላዘ ያሬድ ምዝሎ ክስዕቦ እንክሎ፡ ጊላይ ገብረኣምላኽ ግና፡ ውድድሩ ኣይዛዘመን።

ኣብቶም ክልተ ናይ 2000 ሰሰ. ቱርቦ ተቐዳደምቲ፡ ንገሰ ሃብቱ ሰለዘይተሳተፈ፡ ሊዮናርዶ ሞዲቺ 18 ዙርያ በይኑ ምስዞም ናይ 200 ሰሰ. ተሓዊሱ ብፃማር ንተዓዘብቲ ኣዘናጊዑ።

ኣብ ሞተር ብሽክለታ፡ ኣብ 175 ሰሰ. ካብ ማእከል ስልጠና ሳዋ ዝመጸ ምሕሮና መሓሪ ንናህም ኢትባረኽን ካብ እዚ. ወተሃደራዊ ሃንደሳ ንዝመጸ እምባዮ ሳሙኤልን ኣኸቲሉ ተዓዊቱ። ኣብ 125 ሰሰ. ከኣ ሃብቶም ገብረመስቀል፡ ኣሮን ርእሶምን ያቆብ የማነን ተመራሪሖም ኣትዮም።

እዚ ውድድር፡ ዝሓለፈ. ወርሒ. ስለ ኣብዚ. ቦታ ተኻዪዱ ምንባሩ ይዝከር። ተቐዳደምቲ ከኣ፡ ወላ'ኳ ገንዘባዊ ሽልማት እንተዘይብሉ፡ እዚ. ዓውዲ. ዝጠልቦ ልዑል ወጻኢታት እናኸፈሉ ንተዓዘብቲ ኣዘንጊዖም። "ኣብ መጻኢ፡ ሽልማት ክንጽዑ ዋንጫ፡ እንተውሓደ ኣብቲ ውድድር ንዝሓቐቐ ጎማን ዝሃልኽ ነዳዲን ዝሽፍን ሽልማት እንተዝግበረሉ፡ ዝያዳ ምተተባብዑን ተቐዳደምቲ ምሰሰሉን ነይሮም" ክብሉ ተኸታተልቲ ርእይቶኦም ይህቡ። ካብ ካልኣት ዞባታት ዝሳተፉሉ መገዲ. እንተዝጣጣሕ'ውን፡ ዚ. ሃገራዊ ውድድር መጸበቐ።















## ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ቀጺሉ
### ደንደንን ቀይሕ ባሕሪን ተዓዊተን

ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብኽልተ ጸወታታት ኣብ ዝቐጸለ፡ ደንደንን ቀይሕ ባሕሪን ተዓዊተን።

ንፓራዲዞ ዝገጠመታ ደንደን፡ ኣብ ካልኣይቲ ደቒቕ ካብ ሴም ተኪኤ ብዝረኸበታ ሸቶ ብኢጋኡ 1-0 መሪሓ። እንተኾነ፡ እዚ ቅልጥፍቲ ሸቶ ዝተመዝገበ ጸወታ፡ ኣብ ዝወኀለ ደቓይቕ ካልኣይ ሸቶ ኣይተመዝገቦን። ደንደን ከኣ፡ ሰለስተ ነጥቢ ወሲዳ፡ ሴም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ። እዛ ጋንታ፡ ኣብ ሰለስተ ጸወታታት ብምዕዋት፡ ምሉእ ትሽዓተ ነጥቢ ኣኪባ ኣላ።



ሴም ተኪኤ ናይቲ ዕለት ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ

ዝሰዓበት ጸወታ፡ ንዓበይቲ ጋንታታት ቀይሕ ባሕርን ኣልታሕረርን ዘራኸበት ነይራ። ብንኣሽቱን ቅልጡፋትን ተጻወትቲ ዝቖመት፣ ብመንእሰይ ኣሰልጣኒ. የዋሃን ኪዳነ እትእለ ኣልታሕረር፡ ንናይ ዓሚ ሻምፕዮን ቀይሕ ባሕሪ ብመጠኑ ክትዕብልላ ተራእያ ነይራ። ናብ ረብሓኣ ክትቕይሮ ግና ኣይከኣለትን።

ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ መበል 48 ደቒቕ ካብ ሳልሕ ስዑድ ከምኡ'ውን ኣብ መበል 87 ደቒቕ ካብ የናታን ኄረኣብ ብዝረኸበተን ሸቶታት፣ 2-0 ተዓዊታ። ብምሉእ ትሽዓተ ነጥቢ ከኣ መሪሕነታ ትቕጽል ኣላ።

እዚ ውድድር፡ ድሕሪ ጸባሕ ኩባንያ ሰምበል ምስ ሓይሊ. ኣየር፡ ኣስመራ በራ ምስ ማይ ተመናይ፡ ጎዳይፍ ምስ ኣዱሊስ ብዘካይዳኦ ጸወታ ክቕጽል እዩ።

## መደብ ጸወታ
### ሎሚ

ሻምፕዮንስ ሊግ

ዲናሞ ዛግረብ - ሰልቲክ 8፡45 ድ.ቀ
ጂሮና - ሊቨርፑል 8፡45 ድ.ቀ
ብረስት - ፒኤስቪ. 11፡00 ድ.ቀ
ሻኽታር ዶነትክ - ባየርሙኒክ 11፡00 ድ.ቀ
ክሉብ ብሩጅ - ስፖርቲንግ 11፡00 ድ.ቀ
ኣርቢ ሳልዝበርግ - ፒኤስጂ 11፡00 ድ.ቀ
ኣርቢ. ሌፕዚግ - ኣስቶን ቪላ 11፡00 ድ.ቀ
ባየር ለቨርኩሰን - ኢንተር ሚላን 11፡00 ድ.ቀ
ኣታላንታ - ሪያል ማድሪድ 11፡00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ፕረዚደንት ደ/ኮርያ፡ ናይ መገሻ እገዳ ተነቢሩሉ



ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ዩን ሰቅ-ዮል፡ ካብ ስልጣኑ ክወርድ ዝጠልብ ተቓውሞታት እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ወተሃደራዊ ሕጊ ንምትግባር ብዘፈጸሞ ፍሹል ፈተነ ካብ ሃገር ወጻኢ መገሻ ከየካይድ ከምዝተኣገደ፡ ሚኒስትሪ ፍትሒ'ታ ሃገር ዝሓለፈ ሰኑይ ኣፍሊጡ።

ቤት-ጽሕፈት መርመራ ብልሽውና ላዕለዎት ሰበስልጣን ደቡብ ኮርያ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ሃገሩ ብወተሃደራዊ ሕጊ ክትመሓደር ዝኣወጀ ፕረዚደንት፡ ናይ ወጻኢ መገሻ ክእገድ ከምዝኣዘዘ ኣፍሊጡ።

እቲ ፕረዚደንት፡ በቲ ዝሃቦ ውሳነ ንህዝቢ ይቕረታ ብምሕታት፡ ፖለቲካውን ሕጋውን ዕጫኡ ንገዛኢ ሰልፊ 'ፒፕል ፓወር' ይገድፎ ከምዝሎ ሓቢሩ።

ንሱ ድሕሪ'ቲ ዘውጽኦ ኣዋጅ፡ ካብ ህዝቢ ሓያል ተቓውሞ ከምዝበጽሖን ስልጣኑ ክገድፍ ጻውዒት ይቕርበሉ ከምዘሎን ይፍለጥ።

ዩን ኹ ሕጋዊ ፕረዚደንት ምዃኑ እኳ ይገልጽ እንተሎ፡ ካብ ላዕለዎት ኣባላት ባይቶ እታ ሃገር ተረር ተቓውሞ ይገጥሞ ብምህላዉ ግን መሪሕነቱ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ይርከብ።

## ጋና - ፕረዚደንት ነበር ማሃማ ዳግማይ ናብ ስልጣን ተመሊሱ

ፕረዚደንት ጋና ነበር ጆን ድራማኒ ማሃማ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ'ታ ሃገር ንሕጹይ ገዛኢ ሰልፊ ምክትል ፕረዚደንት ማሃሙዱ ባውሚያ ድሕሪ ምርታዑ፡ ዳግማይ ናብ ስልጣን ከምዝተመልሰ ተሓቢሩ።

መንግስቲ ጋና፡ ብዘይክተሎ ቀጠባዊ ፖሊሲ ካብ ህዝቢ'ታ ሃገር ተቓውሞታት ኪገጥሞ ምጽንሑ ዝፍለጥ እዩ።

ወጽኢት ፕረዚደንታዊ ምርጫ ብወግዒ ቅድሚ ምሕባሩ ባውሚያ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ጋናውያን ለውጢ ንምምጻእ ዝወሰድዎ ውሳነ ከምዘኽብሮ ብምሕባር፡ ዳግማይ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ኮይኑ ንዝተመርጸ ጆን ድራማኒ ማሃማ ናይ እንቋዕ ሓጎሰካ መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።

ካብ 2012 ክሳብ 2017 ፕረዚደንት ጋና ኮይኑ ዘገልገለ ወዲ 65 ዓመት ማሃማ፡ ኣብ'ቲ ክካየድ ዝቐነየ ናይ ምረጻ ጎስጓሱ ንቑጠባ ሃገሩ ቀዳምነት ክህብ ምዃኑን ኣገዳሲ ኣብ ዝበሎም ጸፍሒታት ድማ 'ዳግመ-ስርርዕ' ክገብርን ቃል ኣትዩ ነይሩ።

እቲ ፕረዚደንታውን ባይቶኣውን ምርጫ፡ ብሰላማዊ መንገዲ ከምዝተኻየደ ዝገለጸ ቀጠባዊ ውድብ ምዕራብ ኣፍሪቃ (ኢኮዋስ)፡ እዚ ኑቲ ብዕልዋ መንግስቲ ኣሸበርቲ ሓይልታትን ዝተናወጸ ዞባ ተስፋ ዝህብ ምዃኑ ኣብሪሁ።




## ሩስያ ንባሻር ኣል-ኣሳድ ዕቝባ ከምዝሃበቶ ሓቢራ

ካብ ስልጣኑ ዝተኣልየ ፕረዚደንት ሶርያ ባሻር ኣል-ኣሳድ ምስ ስድራኡ ናብ ሞስኮ - ሩስያ ከምዝኣተወ፡ ኣገልግሎት ዜና ሩስያ ንሓደ ብዓል-ስልጣን ክረምሊን ብምጥቃስ ሓቢሩ።

መንግስቲ ሩስያ ንባሻር ኣሳድን ስድራ-ቤቱን ብ "ሰብኣዊ ምኽንያታት" ዑቕባ ከምዝሃቦም'ዩ እቲ ሓበሬታ ዘመልከተ።

ዝሓለፈ ሰንበት፡ ዕጡቓት ናይ'ቲ 'ሓያት ታሕሪር ኣል-ሻም' (ኤች.ቲ.ኤስ) ዝተባህለ ልፍንታዊ ተቓዋሚ ጉጅለ ንከተማ ደማስቆ ድሕሪ ምቁጽጻሮም፡ ን24 ዓመታት ኣብ መሪሕነት ዝጸንሐ ባሻር ኣል-ኣሳድ ምስ ስድራቤቱ ብፍሉይ ነፈርቲ ካብታ ሃገር ከምዝወጽአ'ዩ ዝገለጸ።

ላዕለዋይ ልኡኽ ሩስያ ናይ'ቲ ኣብ ኣስትርያ ዝመደበሩ ቤት-ጽሕፈት ኣህጉራውያን ውድባት ሚኻኢል ኡልያኖቭ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ህላወ ኣል-ኣሳድን ስድራኡን ኣብ ሞስኮ፡ "ሩስያ ዘይከም ኣመሪካ ኣብ ቡዳዊ ኩነታት ንመሻርኽታ ከምዘይትጠልም ዘርኢ እዩ" ኢሉ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣብ ሶርያ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ሩስያ ኣብ ተጠንቀቕ እኳ እንተሃለዉ፡ ዛጊት ዝኾነ ዘየጋጥም ምንቅስቓሳት ከምዘየጋጠመን ኣረጋጊጹ።

ኣብ 2015፡ መንግስቲ ሶርያ ኣንጻር ሸበራውያን ጉጅለታት ዘካይዶ ዝነበረ ቃልሲ ንምሕጋዝ፡ ሩስያ ናብ'ታ ሃገር ሰራዊት ምልኣኻ ዝዝከር እዩ።

ላዕለዋይ ወተሃደራዊ መራሒ 'ኤች.ቲ.ኤስ' ኣሕመድ ኣል-ሻራ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኩሎም ኣብ ደማስቆ ዝርከቡ ዕጡቓት ናይ'ቲ ጉጅለ ናብ ህዝባዊ ትካላት ከይቀርቡን ጠያይቲ ከይትኩሱን ትእዛዝ ኣውጺኡ ኣሎ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ "ትካላት መንግስቲ ብወግዒ ናብ ሓደስቲ ሰበስልጣን ክሳብ ዝሰጋገራ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ቀዳማይ ሚኒስተር መሓመድ ኣል-ጀላሊ." ክጸንሓ እየን ኢሉ።

ካብ 1971 ጀሚሩ ንሶርያ ዝመርሐ ዝነበረ ሓፊዝ ኣል-ኣሳድ ኣብ 2000 ብሕማም ድሕሪ ምማቱ፡ እታ ሃገር ብወዱ ባሻር ኣል-ኣሳድ ክትምራሕ ምጽንሓ ይፍለጥ።

ሶርያ፡ ካብ 2011 ጀሚሩ ብዘተሳዓዓለ ኩናት ክትሕመስ ብምጽንሓ፡ ልዕሊ 6 ሚልዮን ህዝባ ናብ ስደት ከምርሕ እንከሎ፡ ኣብ ውሽጢ'ታ ሃገር ድማ ልዕሊ 7 ሚልዮን ህዝቢ ተመዛቢሉ ከምዝሎ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ሀይቲ - ብውልቃዊ ጉዳይ ልዕሊ 100 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ሀይቲ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳመ-ሰንበት መራሒ ናይ ሓደ ኣብ'ታ ሃገር ካብ ዝንቀሳቐሱ ጉጅለታት ገበን ብውልቃዊ ጉዳዩ ኣብ ርእሰ-ከተማ ፖርት-ኦ-ፕሪንስ ኣብ ልዕሊ ዝርከብ ሻውል ብዘወሰዶ ናይ ሕነ-ምፍዳይ ስጉምቲ፡ ብውሕዱ 110 ሰባት ከምዝተቐትሉ ተገሊጹ።

እቲ ብ 'ፊለክስ' ዝፍለጥ መራሒ ናይ'ቲ 'ዋርፍ ጀረሚ' ኣብ ዝተባህለ ከባቢ ዝንቀሳቐስ ጉጅለ፡ ወላዱ ድሕሪ ምማቱ እዩ፡ ኣብ ልዕሊ ነበርቲ እቲ ሻውል እቲ



ቅትለት ክፍጽም ኣዚዙ።

ፊለክስ፡ ኣብ'ቲ ሻውል ዝነብሩ ኣረጋውያን ኑቲ ዝሞተ ህጻን ንምጉዳእ ጥንቆላ ተጠቒሞም ብዝብል ምኽንያት እዩ ኣብ ልዕሊ'ቶም ነበርቲ ህልቂት ፈጺሙ።


ኣባላት'ቲ ጉጅለ ገበን፡ ጎዛሞን ስሕሎትን ብምጥቃም ኑቲ ቅትለት ከምዝፈጸምዎ ዝሓበረ ጸብጻብ ተጣቒቕቲ ማሰላት'ታ ሃገር፡ ኩሎም እቶም ግዳያት ዕድመኦም ልዕሊ 60 ዓመት ምዃኖም ኣብሪሁ።

እቲ ህልቂት ኣብ ዝፍጸመሉ ዝነበረ እዋን ነበርቲ'ቲ ሻውል ሞባይል ከይጥቀሙ ብምእጋዶም፡ ብዛዕባ'ቲ ቅትለት ሓበሬታ ከይለዋወጡ ጠንቂ ከምዝኾነን፡ ከምውጽኢቱ ድማ ሓያሎ ሰባት ግዳያት ከምዝኾኑ፡ ጸብጻባት ኣመልኪቶም።

እቲ 300 ዝበጽሑ ኣባላት ከምዘለዎ ዝግለጽ ጉጅለ፡ ፎርት ዲማንቸን ላ ሳሊን ኣብ ዝተባህለ ከባቢታት ተመሳሳሊ ህልቂት ፈጺሙ ምንባሩን ብኣማኢት ዝቖጸር ግዛውቲ ድማ ከምዝቃጸለን፡ ሕቡራት ሃገራት ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻብ ገሊጹ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

ኣብ ሀይቲ፡ ብሰንኪ ተፈጢሩ ዘሎ ጸጥታዊ ቅልውላው ልዕሊ 700 ሽሕ ሰባት ከምዝተመዛበሉ ይሕበር።

## ህንዲን ባንግላድሽን ወጥሪ ንምህዳእ ዝርርብ የካይዳ



ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ህንዲ፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን ጎረቤት ሃገር ባንግላደሽን ዘሎ ወጥሪ ንምህዳእ ዝዓለመ ዝርርብ ንምክያድ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ባንግላደሽ ከምዝኣተወ ተሓቢሩ።

እቲ ልኡኽ፡ ድሕሪ'ቲ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ባንግላደሽ ነበር ሸኽ ሓሲና ካብ ስልጣና ትእለ ንፈለማ እዋን እዩ ናይ ላዕለዎት ሰበስልጣን ርክብ ንምፍጻም ናብ'ታ ሃገር ኣትዩ ዘሎ።

ብመንግስቲ ህንዲ ትድገፍ ዝነበረት ቀዳመይቲ ሚኒስተር ባንግላደሽ ነበር ሸኽ ሓሲና ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ነሓሰ ብተመሃሮ'ታ ሃገር ብዝተመርሐ ህዝባዊ ተቓውሞ ካብ ስልጣና ድሕሪ ምእላያ፡ ኣብ ኒው-ደልሂ ተዓቚባ ከምእትርከብ ይፍለጥ።

ይኹን'ምበር፡ መንግስቲ ባንግላደሽ፡ ህንዲ ነታ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ነበር ከተረክቦ እዩ ጻውዒት ከቕርብ ጸኒሑ ዘሎ።

መራሒ ናይ'ቲ ደሞክራሲያዊ ጸገናታት ንምትግባር ሓላፍነት ዝተዋህቦ ግዜያዊ መንግስቲ ዝኾነ ተዓዋቲ ሽልማት ኖቤል ሰላም 2006 መሓመድ ዩኑስ፡ መንግስቲ ህንዲ ኑቲ ጸገናታት ንምዕናቕል ፕሮፓጋንዳታት ይዝርግሕ ከምዘሎ ብምሕባር ክወቅስ ጸኒሑ እዩ።

ተረኛ ፋርማሲ	ዕለት	ጎደና	ቁ.ስልኪ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ	10/12/2024	ጎደና እምበረሚ 755፡ ከባቢ ሚ/ሕርሻ	181672
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ	ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services